
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.191 ረቡዕ 10 ሚያዝያ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ካብ ‘ነተጕቲ’ ናጻዝኾነት ዓለም. . .!

ገጽ 4
ምስጢር ቢንቶ ኦቨርታውን

ገጽ 5
ቀመር ህይወት

ገጽ 6

ምክልኻል ሞያዊ ሓደጋ
ገጽ 11
ውድድር ትራክን ናይ ሜዳን ፒፈታትን ልዕሊ ዕድመ ተዛዚሙ


## ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰብ ኣብ ሽወደን ዓመታዊ ጉባኤኡ ኣቃኒዑ



ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ሽወደን፡ ”ምዕባይን ምሕዋይን ማሕበረትማት” ብዝብል ቴማ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ’ዛ ዝሓለፈት ወርሒ - ዓመታዊ ጉባኤኡ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ኣቃኒዑ።

ኣብ ሽወደን ናይ ዝተጸዓ ማሕበረትማት ኤርትራ ወከልቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ጉባኤ፡ ኣቦመንበር’ቲ ውዳብ ኣቶ ቢንያም ምስጥናፍ፡ ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ሽወደን - ልዕሊ 30 ዓመት ከምዝገበረ፣ ሓደጕት፡ ባህሊ፡ መንነትን ክብርታትን ኣብ ምዕቃብን ናብ ወለዶታት ኣብ ምስግጋርን፣ ሃገራውያን በዓላት ኣብ ምኽያድን ምድማቕን፣ ምስ ህዝቢ ሽወደን ኣብ ምልላይ፣ ሰብ ጸጋ ንዋቶም ኣብ ኤርትራ ንኸውፍሩ ኣብ ምትብባዕ፣ ኣገደስቲ ኣስተምህሮታት ኣብ ምውዳብ፣ ናብ ወለዲ ዝቐንዐ ምኽርን ማዕዳን ኣብ ምሃብ ክሰርሕ ምጽንሑ ሓቢሩ።

ኣቶ ቢንያም፡ ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ሽወደን፡ ሕጂ’ውን ከም ወትሩ ዘጋጥም ተጻብኦታት ኣብ ምምካትን ሓይሉ ኣብ ምድራዕን ኣበርቲዑ ከምዝቕጽል ብምርግጋጽ፡ ዝወጠኖም መደባት ኣብ ምዕዋት ተሳትፎ ህዝቢ ክዓዝዝን ውዳቤኡ ክሕይልን ኣዘኻኺሩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ኣቶ የውሃንስ ተኽለሚካኤል፡ ካብ 29 መጋቢት ክሳብ 2 ሚያዝያ ዞባ ምዕራባዊ ‘ባሓር ኣልቓዛል’ ኣብ ዝገበሮ ዑደት፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን ኣብ ርእሲ ምርኻብ፡ ንኤርትራውያን ሰሚናር ኣካዪዱ።

ንኤርትራውያን ተቐማጦ ‘ዋው’ን ከባቢኣን ኣብ ዝገበሮ ሰሚናር፡ ኣብ መደባት 2024ን ካልእ ጉዳያትን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

## መንእሰያት - ብዝተፈላለየ ዓውዲታት-ሞያ ይስልጥኑ

ኣብ ዞባ ማእከል - ካብ ንኡስ ዞባ በሪኽን እዚ ምዕራብን ዝተዋጽኡ 970 መንእሰያት፡ ብዝተፈላለየ ዓውዲታት-ሞያ ሰልጢኖም።

እቶም 735 ናይ ንኡስ ዞባ በሪኽ - ብ6 ሚያዝያ ኣብ ዝተመረቕሉ ስነ ስርዓት፡ ሓላፊ ሃግመተኤ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ልብሰቃል ጉብረኣብ፡ እቲ ትምህርቲ - ምርባሕ ደርሁ፡ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ሕክምና ቀዳማይ ረድኤት፡ ምትካል ደሽ፡ ደረቕን ተንቀሳቓስን ኣሚራን ካልእን ዘጠቓልለ ምንባሩ ገሊጹ።


ፍያሜት ማሰፍን

ኣመሓዳሪ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን ድማ፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ከም መጠኑ ወሲዶም፡ ብውልቃዊ ጻዕሮም ብምውዳብ ስራሕ ከማዕብልዎ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ እዚ ምዕራብ - ምስ መኮንን ጉስጓስን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ብምትሕብባር፡ ካብ ኩለን ክፍላተ-ሰራዊት ዝተዋጽኡ 235 ኣባላት፡ ብሞያታት ስነ-ጥበባዊ ስፖርትን ኣሰልጢኑ።

እቲ ካብ 1 መጋቢት ክሳብ 5 ሚያዝያ ዝቐጸለ ትምህርቲ፡ ኣብ ጥበባት መዚቃ፡ ድራማን ትልሂትን ዘተኮረ ኮይኑ፡ ሓፈሻዊ ኣቀራርባ መዚቃን ምቕራጽን፡ ምቅንባር፡ ኣኑዳድቓ ዜማ፡ ምድላውን ኣተኣላልያን ድራማ፡ ሓፈሻዊ ሜላታት ኣጸሓሕፋ፡ ኣብ ሓደስቲ ሕግታት ኩዑሶ እግርን ኩዕሶ መርበብን ዝቐንዐ ነይሩ።

## ኣስመራ - ወፍሪ ክታበት ጸረ-ሕማም ዕቡድ ከልቢ ይካየድ ኣሎ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ መጀመርያ ወርሒ መጋቢት ጀሚሩ፡ ኣብ 13 ንኡሳን ዞባታት ከተማ ኣስመራ፡ ወፍሪ ክታበት ጸረ-ሕማም ዕቡድ ከልቢ የካይድ ኣሎ።

እቲ ዝኣክል መድሃኒትን ሰብሞያን ብምቕራብ ዝትግበር ዘሎ ወፍሪ ብሰንኪ መክሰቲ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ዝስዕብ ሕማምን ሞትን ንምጉዳል ከምዝገበረ፡ ሓላፊ ሕክምና እንስሳ ቪላጅ ኣቶ ዓንደማስቀል ፍቓዱ ገሊጹ።

ዛጊት ኣስታት 3 ሽሕ ኣኽላባት ከምእተኸተቡ ዝሓበረ ኣቶ ዓንደማስቀል፡ ዝተኸተበ ከልቢ - ወረቐት ምስክርን መለለዪ ቀጽርን ከምዝወሃቦ ኣረዲኡ።

ሕማም ዕድ ከልቢ፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ንመትንታት ሓንጎል ዘጥቅዕ ሓደገኛ ሕማም ምዃኑ ብምሕባር፡ ዝተጠርጠሩ ኣኽላባት ኣብ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ ኣብ ዝርከብ መወሸቢ ቦታ - ካብ 10 ክሳብ 45 መዓልታት መርመራ ከምዝግበረሎም፣ ቡቲ ሕማም ተለኺፎ ምስ ዝጽንሑ ድማ ከምዝውገዱ ኣገንዚቡ።

ኣቶ ዓንደማስቀል፡ቁልዑ ብዘይውሑስ ኣገባብ ዘዕብይዎም ኣኽላባት፡ ካብ ጥቕሞም ጉድኣቶም ስለዝበዝሕ፡ ወለዲ - ብሸገኽን ዝዋሰቡሉን ግቡእ ምክትታል ዝረኽብሉን ባይታ ክፈጥሩ ኣዘኻኺሩ።


የናታን የዕበዮ

**ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር ኣልሙባረኽ!**

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ካብ 'ነተጉቲ' ናጻ ዝኾነት ዓለም. . .!

መዓልቲ 'ኣፍልጦ ጸረ-ነተጉቲ' ዓመታዊ - ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሚያዝያ ብደረጃ ዓለም ተዘኪራ ትውዕል። ንቁልዑ ይኹን መንእሰያትን ዓበይትን ኣብ ሓደጋ ነታጉ ዘለዎም ኣፍልጦ ክብ ዝበል ኣስተምህሮ ንምሃብ ግን ኩሉ ግዜ ድልዋት ክኾነውን ይግባእ።

'ስምምዕ ኣታዎ ንምውጋድ ነተጉቲ-ምድሪ' (ናይ መሬት ፈንጂ) ካብ ዝኽተም፡ ልዕሊ 25 ዓመታት እኳ እንተኣሕለፈ፡ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ጸረ-ኣጋር ነታጉ ብብዙሒ ኣብ መዓላ ውግእ ይውዕል ከምዘሎ ጸብጻባት የግንዝቡ።

ጸረ-ኣጋር ነታጉ ብብዙሒ ዝዘርኣለን ሃገራት፡ ድሕሪ ውግእ ኣብ ዝፍጠር ናይ ሰላም ሃዋህው ብዙሒ ይዳኣ ጻዕርታት - ሰፋሕቲ ቦታታት ካብ ሓደጋ ናጻ ክኾኑ ዝኸውን ኣብ ምጽራይ ክዋፈራ እንከለዋ፡ እተን ኣብ ውግእ ዝኣትዋ ሃገራት ብምዕራሉ - ኣብ ምዝራእ ነተጉቲ ይገጥፋ ምህላወን ይፍለጥ።።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ ግጭት ኣብ ዘለዎ ከባቢታት ዓለም ኣብ ኣገልግሎት ይውዕል ምህላዉ ይፍለጥ። ዓሚ ዝተፈነወ ገለ ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ፡ ሰሶ ካብ ምድሪ ዩክረይን - ብጸረ-ኣጋር ነተጉቲ ዝተሸፈነ ክኸውን እንከሎ፡ ብተመሳሳሊ - ምስ ኣዘርባይጃን ኣብ ጎንጺ ዝጸንሐት ግዝኣት ናጎርኖ ካራባኽ፡ ነታጉ ብጽዕቒ ዝተዘርኣላ ምዃኑ ይይቀስ። ወተሃደራዊ ወጥሪ ኣብ ዘለዎ ኩሉ ሰፍራታት፡ ነታጉ ከም ሓደ ኣገዳሲ ኣጽዋር እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ።። ኣብ ዝተናውሐ ተጻብኦ፡ ነታጉ ክወጽእ መድሎ ስለ ዘይርከብ፡ ክሳብ ተረገጹ ዝትኩሱ ወይ ክሳብ ዝወጽእ ተጻዊዶ ይጸንሑ።

ኣብ ጦዘሪያ ዝበረ ኩናት ካብ ዝውዳእ ሓደ ወለዶ እኳ እንተኣቑጸረ፡ ማዕረ ፍቕዲ ኣብ ግዜ ግጭት ግዳይ ነታጉ ዝበረ ህዝቢ፡ ሕጂ እውን ዓመታዊ

ኣዝዩ ብዙሕ ነታጉ ካብ ዝተቐበረለን ሃገራት - ብቐዳማይ ደረጃ ከምእትስራዕ እትግለጽ ሞዛምቢክ ንኣብነት፡ ድሕሪ ናይ ብዙሕ ዓመታት ሓያል ጻዕሪ እዩ - ካብ ነታጉ ናጻ ከም ዝኾነት ተሓቢሩ። ኣስታት 200 ሽሕ ነተጉቲ ምድሪ እያ ክተልግስ ክኢላ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ኣስታት 30 ዝኾና ሃገራት፡ ካብ ነታጉ ምድሪ ናጻ ኰይነን ኣለዋ።

እንተኾነ፡ ጸረ-ኣጋር ነታጉ ከም መከላኸሊ ምንቅስቓስ ተጻራሪ ሓይሊ ስለ ዝጠቅም፡ ይቕረጽን ይመውትን ከምዘሎ ጸብጻባት የረድኡ። ኣብ ካልኦት ሃገራት እውን ብሰንኪ ዋሕዲ ምውላን ትሑት ቴክኒካዊ ዓቕምን ተመሳሳሊ ኣጋጣሚታት ክረአ ይኽእል። ንጹር ሓብሪ ካርታ ኣብ ዘይብሉ ግዜ፡ ነታጉ ዝተቐበረሉ ሰፍራ ብንጹር ስለዘይፍለጥ፡ እቲ ከባቢ ሰብ ተመሊሱ ክሰፍሮ ዘይክእል ሓደገኛ ከባቢ ኰይኑ ይተርፍ። ብሰንኪ እቲ ኣብ ግዝኣት ናጎርኖ ካራባኽን ኣዘርባይጃንን ኣብ ፈለማ ቴስዒታት ዝተወለዐ ግጭታት

ዝተመዝበሉ ህዙባት፡ ክሳብ ሕጂ ናብ ቀኸየም ክምለሱ ዘይክኣልሉ ምኽንያት - እዚ ምኻኑ ምንጭታት የረድኡ።

ግጭት ምስ ተወደአ ነታጉ ንምውጻእ ዝግበር ጻዕርታት፡ ከም'ቲ ኣብ ቬትናም ዝተራእየ ግዜ ምስ ዝወስድ፡ እቲ ተቐቢሩ ዝጸንሐ ተተኳሲ ብውሕጅን ብብዝሒ ዝፍብን ክመዝበል ይኽእል። ኣብ ካርታ ተታሒዙ ዝጸንሐ ኣሳእል ድማ፡ ምስ'ቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ዘይሰማማዕ ይኽእል። ግዜን ሃልክን ዝወስድ ናይ ምጽራይ ወፈራ ኸኣ ይሓትት። ተፋሒፉ ክሳብ ዝወጽእ ድማ፡ ተመዝቢሉ ዝጸንሐ ህዝቢ ክምለስ ኣይክእልን። እንተተመልሰ እውን፡ ኣብ ሓደገኛ ከባቢታት ብሶግኣት ስለዝነብር፡ እናኣገርሀ ቁልዑን ሓለፍቲ መንገዲ ኣጋይሽን ምጉዳኡ ይቕጽል። ኣብ መንነ ተጻብኦ እውን ቅርሕንቲን ጽልእን እናኣጉዛሪ ይነብር።

ብደረጃ ዓለም፡ ብውሑዱ ኣብ ሓደ ሰዓት ሓደ ሰብ ብነታጉ ምድሪ ክጥቃዕ ከምዝኽእል ጸብጻባት ይሕብሩ። ዝተቐብሩ ጸረ-ኣጋር ተተኩስቲ፡ ካብ ሰራዊት ዝወደቑ

ዝጸወዱ ነተጉቲ፡ ህዝቢ ኣብ ዝበረሉ ከባቢ ምድርባይ - ዝተለምደ ናይ ተጻብኦ ተግባር ምዃኑ ይፍለጥ።

ብሸበራውያን ዝጸወዱ ተተኩስቲ እውን



ናይ ኣደን ዘይተተኩሱ ናይ ዓበይቲ ኣጽዋርን ቦምባታት፡ ኣብ ግዜ ተዛማዲ ሰላም ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ዘይኮኑ ኣብ ሰላማውያን - ብፍላይ ኣብ ህጻናት እዮም ጉድኣት ዘውርዱ። ቁልዑ ምእንቲ ከልዕልዎ መጻወቲ ኣብ ዝመስል ቅርጺ ጥንቀላ

መጻልታዊ ሓደጋ የውርዱ ምህላዎም ብምንጭታት ዜና ዝቃላሕ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ኣሸበርቲ፡ ቦታ መረጽም እኩብ ህዝቢ ኣብ ዘለዎ ኣብ ዕዳጋታትን ኣብያተ-ኣምልኾን ተተኳሲ ስለዝጸውዱ፡ ብጅምላ ብዙሕ ዝበለ ግዳይ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።



## ክለግስ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ዝጸበ - 100 ሚልዮን ነታጉ

ኣብ'ዚ እዋን እዚ 'ነታጉ ባይታ' ዝተዘርኣለን ኣስታት 60 ሃገራት ከም ዘለዋ ይፍለጥ። ነታጉ ትሕቲ ምድርን ልዕሊ ምድርን ክጸወድ ይኽእል። ሰብ ክቐርጦ ወይ ክትንክፎ ወይ ክረግጾ እንከሎ ኸኣ ይባራዕ። መብዛሕትኡ ብጥንቃቐ ክኢላታት (መሃንድሳት) ዝጸወድ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ እዋን ብምዕቡል ቴክኖሎጂ እዚ፡ ካብ ነፈርቲን ካብ መድፍዕን እውን ክዘርእ ይኽእል እዩ። ኣብ'ቲ ዝተጻወደሉ ኹይኑ ኸኣ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ተዓዚሉ ንነዊሕ - መብዛሕትኡ ግዜ ሰላማዊ ሰብ ይጎድእ።

ከም'ቲ ኣብ ግብጺ ተዘርዩ ዘሎ ኸኣ፡ ንወለዶታት ሰፊሕ መሬት ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ገይሩ ይሓዝእ። ኣብ'ቲ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ነታጉ ዝተቐብረሉ ግዝኣት ግብጺ፡ ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ዝኾነ ናይ ልምዓት ሰራሓት ወይ ምንቅስቓሳት ክዕየድ ኣይክእልን እዩ።

ቅድሚ ክልተ ዓመት ካብ 49 ሃገራት ብዝተኣከበ ጸብጻብ፡ ኣስታት 4700 ሰባት ፍርቂ ካብኦም ቁልዑ - ብነታጉ ምድሪ ተሃሪሞም ነይሮም። መብዛሕትኡ ግዜ ቁልዑ ናብ ምድሪ ዝቐረበ ብምዃናም፡ ነቲ ነትጉ ብመላእ ኣካሎም እዮም ዝቕበልዎ። ብህይወት ናይ ምስራር ዘለዎም ተኽእሎ ኸኣ ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። ካብኦም ብነታጉ ዝተሃርሙ ግዳያት፡ ልዕሊ 800 ካብ ሶርያ፡ ካብ 600 ዝበዝሑ ኸኣ ካብ ዩክረይን ምንባሮም ምንጭታት የረድኡ። የመንን ሚያንማርን እውን ነፍሲ-ወከፈን ልዕሊ 500 ግዳያት ኣመዝጊበን ነይረን።

ናይ ድኅሪ ውግእ ኣብ ዝተፈደላ ሃገራት፡ ብስጡቓት ዝቐበር ነታጉ ክይወጽእ ንሓያሎ ግዜ ክጸንሕን ክርሳዕን ይኽእል እዩ። ኣብ ኣልጀርያ፡ እታ ሃገር ኣንጻር መጃሂዲን ኣብ ውግእ እንከላ ዝተቐብረ ነተጉቲ ክሳብ ሕጂ ከምዘሎ ይፍለጥ። ኣብ ኮንጎ ኪንሻሳ፡ ማሊ፡ ኒጀርን ቡርኪናፋሶን እውን ነታጉ ዝተዘርአ ከባቢታት ጸገማት ምንቅስቓስ ይፈጥር ከምዘሎ ምንጭታት ይሕብሩ።

ተባራዲ ባሩድ ብምጽዋድ ዝግበር መጥቃዕቲ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ከባቢ 1860ታት ኣብ ዝበረ ውግእ ሓድሕድ፡ ንመጀመርታ ግዜ ከም እተራእየ ጸብጻባት የረድኡ። ኣንጻር ተሽከርከርቲ፡ ኣንጻር ኣጋር ወይ ጸረ-መርከብ ዝጸወድ ነታጉ ዝተጀመረሉ ግን፡ ኣብ ቀዳማይ ውግእ ዓለም ምዃኑ እዩ ዝግለጽ። ናይ መጀመርታ ጸረ-ታንክ ነታጉ ኣዝዩ ግዚፍ ስለ ዝበረ፡ ብታንክ ዝዕጀቡ ኣባላት ሰራዊት፡ ነቲ ነታጉ ኣልዒሎም እናኣለዩ ንታንክታት የሕልፍወን ነይሮም። እዚ ንምክልኻል ድማ፡ ነቲ ጸረ-ታንክ ነታጉ ብጸረ-ኣጋር ነታጉ እናኣከቡ ክከላኸሉ ጀሚሮም። ኣንጻር ጸላኢ ዝሆ ረቡሓ እናተፈልጠን እናተለምደን ምስ ከደ፡ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለምን ድሕሪኡን ኣብ ዝተጋህዱ ዞባዊ ውግኣት፡ ብዚዩዳ ኣብ ኣገልግሎት ውዒሉ።

ድሕሪኡ ኣብ ዝሰዓቡ ዓበይቲ ውግኣት ኤሲያን ኣፍሪቃን፡ ነታጉ ኣብ ኣገልግሎት እናወዓለ መጺኡ። ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ኣስታት 60 ሃገራት ዓለም ልዕሊ 100 ሚልዮን ነታጉ ተጻዊዱ ምህላዉ ምንጭታት የረድኡ። ነታጉ ንምውጋድ ኣብ ዝተቐረበ ናይ ስምምዕ ሰነድ፡ ኣብ'ዚ እዋን እዚ 164 ሃገራት ፈሪመን ኣለዋ። ካብ ኩሉ ግዜ ንላዕሊ፡ ሃገራት ካብ'ዚ ንወለዶታት ዝሰግር መርገም ንምግልጋል - ብቑርጺ ዝተበገሱሉ ግዜ፡ ካብ ሕጂ ዝሓለፈ ግዜ ከምዘየለ ተጣቢቕቲ የረድኡ።

ኣብ ዓለም ተዘርዩ ዘርከብ ነታጉ ምድሪ ንምልጋስ፡ ኣስታት 1,100 ዓመታት ክወስድ ከም ዝኽእል ዝተተንበዩሉ ግዜ ከምዝሓለፈ፡ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ወሸጢ ዓሰርተ ዓመት ካብ ኩለን ሃገራት ዓለም ምጽራት ከምዝከኣልን እዩ ዝሕብር።

ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ኣብ ግብጺ ኣብ ዝበረ ውግእ ዝተቐብረ 23 ሚልዮን ነታጉ - ኣብ ትሕቲ ምድሪ ምህላዉ ይግለጽ። ኣብ መንጎ ዒራቕን ኢራንን ኣብ 80ታት ኣብ ዝተኻየደ ውግእ፡ ኣብ ኢራን ዝተቐብረ 16 ሚልዮን ነታጉ ክሳዕ ሕጂ ኣይተፋሕረን። ኣብ ኣፍጋኒስታን፡ ኣንጎላ፡ ቻይናን ዒራቕን ነፍሲ-ወከፍ ብሚልዮናት ዝቑጸር ነተጉት ተጻዊዱ ኣሎ።

እዚ ኹሉ ነታጉ ክልግስ ዝኽእል ተመጣጣኒ ምህዞ ክሳዕ ሎሚ ብዘይ ምምዕባሉ፡ 70 ዓመታት ዝሓለፈ ነተጉቲ ብሽቕታ ንረአ ኣሎና። ክሳዕ እዚ እዋን ክስረሓሉ ዝጸንሐ - ብሓባሪት ሓዲን ዘኸኒ ዝግበር ዳህሳስ፡ ነቲ ናይ ቀደም ነታጉ ኣብ ምውጻእ ዝጠቅም እኳ እንተኾነ፡ ሕጂ ዝቕበር ዘሎ ነታጉ ግን፡ ብላስቲክ ዝተሸፈነ ስለዝኾነ ሓብሪ ሓዲን ዘኸኒ ኣይረኽቦን እዩ። ብእንስሳታት - ማለት ብከም ከልብን ዝተዓለሙ ገዛፍቲ ኣናጹ ጋማቢያን ብምሽታት ዝግበር ዳህሳስ እውን ጠቓሚ እኳ እንተኾነ፡ ቅልጡፍ ኣሳልጦ የብሉን።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ብድሮናት እናተዳህሰሰን እናተሳኣለን ዝግበር ናይ ምምሳን ተግባራት፡ ጽሓሽ ወጽኢት ይሀብ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ዜና

**ኮሚተ ምርግጋጽ ማሰላት ቁልዑን ደቂ-ኣንስትዮን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ብዛዕባ**



# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ምወጋድ ጎዳእቲ ልምድታት ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ ተኻየዱ



ስእሊ. ኢብራሂም ዑመር

ምኽንያቱ ደቂ-ኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ከኣ ብፍላይ ዘተኮረ ዓውደዘተ፡ ብ3 ሚያዝያ ኣብ ባጽዕ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ዓውደዘተ፡ ብዛዕባ ትርጉምን ድሕረ-ባይትን ማሰላት ቁልዑ፣ ምኽባር ሕግታትን ማሰላትን ቁልዑን ደቂ-ኣንስትዮን፣ ሓፈሻዊ መትከላት ኣህጉራዊ ውዕል ማሰላት ቁልዑ፣ ከምኡ'ውን ማሰላት ቁልዑን ደቂኣንስትዮን ብመንጽር ሕጊ ኤርትራ ዘተ ተኻዪዱ።

ጎዳእቲ ልምድታት ብሓፈሻ፡ ክሸቦን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ድማ ብፍላይ ዘኸትልዎ ጥዕናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጸገማት ንምግታእ፡ ብብኢዋኑ ክካየድ ዝጸንሐ ኣብሰሳትን ኣስተምህሮታትን እወታዊ ኣስተዋጽኦ እኳ ይገብር እንተሎ፡ ሓላሊፉ ዝርአ ተርእዮታት ንምውጋድ ክግበር ዘለዎ ጻዕሪ ብሰፊሑ በሪሁ።

ብዘይካ'ዚ፡ ንጥፈታት ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ንምምዛን ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ማሰል ቁልዑ ዝጥሕሱ ጎዳእቲ ልምድታት ንምግታእ ኣብሰሳን ስልጠናታትን ከምእተወደበ፡ ከምኡ'ውን ኩነታት ክሸቦ ደቂ-ኣንስትዮ ንምፍላጥ ኣብ 16 ዓድታት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ከምእተኻየደ ክጥቀስ ከሎ፡ ንዚያዳ ኣድማዒ ስራሕ፡ ንቑሕ ተሳትፎ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኣካል ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፣ ወሃደት ናይ ኩሉም ኣካላት መንግስትን ህዝባውያን ማሕበራትን ከኣ ብፍላይ ምፅዛዝ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ተገሊጹ።

ኣቦመንበር ኮሚተ ምርግጋጽ ማሰላት ቁልዑን ደቂ-ኣንስትዮን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ረዘነ ፍስሃ፡ ብዘይካ ክሸቦ ደቂ-ኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሃሰያ ዘውርዱ ጎዳእቲ ልምድታት ንምግታእ እወታዊ ስራሓት ከምእተኻየዱ፣ ማሰላት ቁልዑን ደቂ-ኣንስትዮን ንምሕላውን ጎዳእቲ ልምድታት ንምንቕላዕን ግዱ ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብ መሰረታዊ ብምዃኑ - ሓብራዊ ስራሕ ከምዝደሊ ኣዘኻኺሩ።

# ጋላ-ነፍሒ - ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል ዝግበር ጻዕሪ ውጽኢት ይህብ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምሕያል ዝግበር ጻዕሪ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዳኒኤል ሰለሙን ገሊጹ።

ካብ መውዓሊ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ብዘተማልአ መሳለጥያን እኹላት መምህራንን ንልዕሊ 24 ሽሕ ተመሃሮ ስሩዕ ኣገልግሎት ዝህባ 74 ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ ዝሓበረ መምህር ዳኒኤል፡ ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ዓመት-ትምህርቲ 2023/2024፡ መጠን ምሕላፍ ኣብ መባእታ 93 ሚእታዊት፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ 72 ሚእታዊት፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ድማ 58 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ሓቢሩ።

እተን ዘድሊ ብቕዓት ዘማልኣ ኣብያተ-ትምህርቲ ኮነን ካልኦት ኣብያተ-ትምህርቲ ክጸልዋ ምእንቲ፡ ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር ዕቱብ ምክትታል ብምግባር፡ ናብ'ቲ ዘድሊ ብቕዓት ንምብጻሕ ክሰርሓሉ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ምስ ብዝሒ ተመሃሮ ኣብ ኩለን ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ሕጽረትን እርጋንን መጽሓፍቲ ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ኣብ እዋን ክረምቲ መጽሓፍቲ ንምትዕርራይ ዝካየድ ንጥፈታት ብዕቱብ ከምዝቕጽል ኣረዲኡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ፡ 37 ኮማውን ስሩዕን መውዓሊ ህጻናት፡ 21 ናይ መባእታ፡ 9 ናይ ማእከላይ፡ 3 ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ፣ ከምኡ'ውን 4



መንበሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ሸግርኡ ዓዲ-ኣካፉ፡ ሳዕሳዕ ትኸልኑ ብጠቕላላ 74 ትካላት ትምህርቲ ኣለዋ።

# ኣብ ሞልቀን ዒላ-በርዕድን ህዝቢ 'መሬት ሕርሻኡ' ይከናኸን ኣሎ

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ቡብምምሕዳር ከባብኦም እናተወደቡ - ኣብ ምፍዋስ ማይ-ኩዓታትን ምድልዳል ናይ ሕርሻ መሬትን ዝቐንዐ ስራሕ ማእቶት የሰላስሉ ኣለዉ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ መልኣከ ወልደሚካኤል፡ ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ወፈራታት፡ ኣብ ምርጋእ ኣከባብን ሕርሻዊ እቶታውነትን እወታዊ ጽልዋ ስለዘፈጠረ፡ ህዝቢ ነቲ መደብ ብሰፊሑ ንምትግባር ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ይወፍር ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሞልቀ ኣቶ ኣስገዶም መንግስቱ፡ ብወገኑ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ልዑል ከምዘሎ ብምሕባር፡ ዝተወጠነ መደብ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ኣብርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ - ምምሕዳር ከባቢ ሓሊብመንተል እውን፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ብዝሰላሰል ዘሎ ተመሳሳሊ ማይን ሓመድን ናይ ምዕቃብ ወፈራታት፡ ዛጊት 4,800 ሜትሮ ከቦ ከትርታትን ልዕሊ 78 ኪሎ-ሜትር ቅናታዊ ዛላታትን፡ ከምኡ'ውን ተበላሽዩ ዝጸንሐ መንገድታት ተጸጊኑ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሩፋኤል ተወልደ፡ ካብ ጎሉ ክሳብ ሻርካ 7 ኪሎ-ሜትር ናይ ሓመድ ጽርግያ ከምእተጸገነ፡ ናይ 10 ጸገማት ኣብይቲ ይጽገን ከምዘሎን እውን ሓቢሩ።

# በዓል-መዚ መኻዓዝያ ምድሪ፡ ዲጂታላዊ ኣተዓቓቕባ ሰነዳት ኣተኣታትዩ

በዓል-መዚ መኻዓዝያ ምድሪ ዲጂታላዊ ኣተዓቓቕባ ሰነዳት ብምትእትታው ስሉጥን ጽፉፍን ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ደሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ዳይረክተር ጨንፈር ምዝገባን ላይሰንስን ኣቶ የሴፍ ተስፉ፡ እቲ ስራሕ ኪኸዶ ምዕቃብ ፋይላት ዝሰይድ ኣገዳሲነት ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ንመሻርኽቲ ኣካላት ብሓፈሻ፡ ንቤት-ጽሕፈት ኣታዊ ወሽጢ ሃገር፡ ኢንሹራንስ፡ ኣብያተ-ፍርዲ፡ ፖሊስን ፖሊስ ትራፊክን ከም መወከሲ ከምዝገልግል ኣረዲኡ።



ሓላፊ ኣሃዱ መዝገብ ኣቶ ኣሰፋው ክፍለ ድማ፡ ኣብ 2023 ብጠቕላላ 120 ሽሕ ውልቀ-መዛግብ ተሸርሺርቲ ንኣገልግሎት ከምእተንቀሳቐሰ - 4,800 ካብኡ ማስርሕ መሸጣ መኪይን ንምክያድ ዝተንቀሳቐሰ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ኣሰፋው፡ ብዘለ ፍቓድ ምምራሕ መኪና (ፓይቴንቲ) ዝሓዙ ሰባት - 210 ሽሕ ከምዝበጽሐ፣ ሓደሽ ኣንጸባራቒ ሰሌዳ ዝዓጠቓ ተሽከርከርቲ ድማ፡ 50 ሽሕ ከምዝበጽሓ ሓቢሩ።

ሓላፊት ኣሃዱ ጉዳይ ተሽከርከርቲ ወ/ሮ



ኣስመረት ግርማይ ብወገና፡ ቤት-መዝገብ ዓንዲ-ሕቖ ናይ'ቲ ዕሊታዊ ዘካይደዎ ንጥፈታት ምዃኑ ጠቒሳ፡ ነቲ ብጉልበት ሰብ ዝካየድ ኣተዓቓቕባ ሰነዳት ናብ ዘመናዊ ምስግጋሩ፡ ንውጽኢታውነት ስራሕ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረዲኣ።

# ኣንከሮ

ማርታ ክብሮም

## ምስጢር ቢንቶ ኣቨርታውን

ቢንቶ ኣቨርታውን ኣብ ዱምባርቶን ዝበሃል ዓዲ ዝርከብ ኮይኑ፡ ንሓደ ናይ ሕርሻ መሬት ምስ ሓደ ዓቢ ጥንታዊ ገዛ ዘራኽብ እዩ። እዚ ቢንቶ ኣብ 1800 ብጸዓዱ ሰድራ፡ ሰለስተ ገለርያታትን 15 ሜትር ቁመት ዘለዎን ኮይኑ እዩ ተሰሪሑ። ኣብዚ ቢንቶ ንሓደ ዘመን ዝኸዓ ዝተራእየ ፍጻመ ኣይነበረን። እዚ ግና ኣብ 1950 ክቕየር ጀመረ።

ኣኽላባት እታ ዓዲ ካብቲ ቢንቶ ብምጽዳፍ ክሞቱ ከም ዝጀመሩ ጸብጻብ ክመጽእ ጀመረ። መጀመርታ እዚ ተራ ኣጋጣሚ እዩ ዝመስል ነይሩ። ኣብ ውሑዳት ዓመታት ድማ ካብኡ ንበስ ቅትለት ክፍጽሙ ኢሎም ብእኡ ዝዘለሉ 600 ኣኽላባት፡ 50 ሽዑ ንሽዑ ዝሞቱ ነበሩ።

ናብቲ ቀታሊ ጸወዒት ቢንቶ ኣቨርታውን ኣኽላባት ጥራይ ኣይኮኑን ዝመጽኡ ነይሮም። ኣብ 1994፡ ክቢን ሞይ ዝተባህለ ሰብ፡ ንሓድሽ ዝተወልደ ህጻን ወዱ ምስ ዓየ ጸረ ክርስቶስ ክኸውን እዩ ካብ ዝበል እምነት በቲ ቢንቶ ሰንደዎ።

እዞም በዚ ቢንቶ ዝጸድፉ ዝበሩ ኣኽላባት፡ ቅድሚ ምጽዳፎም ኣብ ባህርያቶም ሓደ ሃንደበታዊ ለውጢ ይገብሩ ከም ዝበሩ ወነንቶም ይገልጹ። ገለ ካብቶም ዋናታት፡ ንኣኽላባቶም ገለ ነገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ድሕሪ ምእታዉ ናብቲ ቢንቶ የምርሖ ከም ዝበሩ ይገልጹ። እቶም ካብቲ ቢንቶ ጸዲፎም ዝደሓኑ ኣኽላባት፡ እግሮም ይስብሩን ካልእ መጉዳእትታት የጋጥሞምን ነበረ።

እንስሳታት ከም'ቲ ሰብ ዝገብሮ 'ነፍሰ ቅትለት ከም ዘይገብሩ' ኢና ንፈልጥ። ምኽንያቱ ህይወቶም መወዳእታ ክገብሩላ ከም ዘለዎም ዝኾነ ንቕሓ ኣእምሮ የብሎምን። ገለ ሰባት፡ ነዞም ኣኽላባት ናብቲ ትሕቲ ቢንቶ ዘሎ ማያዊ ኣካል ክኣትዉ ዝገብሮም መንፈስ ናይ ሓንቲ ጸዕዳ ጓል ኣንስተይቲ ምኻኑ ይዛረቡ። ገለ ካብቲ ድማ፡ በቲ ቢንቶ ክሓልፉ ከለዉ ፍርሒ ከም ዝሰምዖም ይገልጹ።

እዚ ነፍሰ ቅትለት እንስሳታት ወላ'ኳ ክሳብ ለሚ ይቕጽል እንተ ሃለወ፡ እቶም ኣኽላባት እንታይ ስለ ዝኾኑ እዮም ካብቲ ቢንቶ ዘለሉም ህይወቶም ዘጥፍኡ ግድሉ ክሳብ ሕጂ ኣይተፈትሐን።



## ፈስቲቫል ቻቫንግ ካት

ቻቫንግ ካት ኣብ ሕብረተ ሰብ ቺክም ኣብ ምዝዛም ቀውዒ ዝጽምበል ፈስቲቫል እዩ። ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ ወርሒ ሕዳር ድማ ይጅመር። ቻቫንግ ካት ኣስታት 3 ሽሕ ዕድመ ዘለዎ ፈስቲቫል እዩ። ኩሉ፡ ቺን፡ ሚዞ ዝተባህሉ ቀቢላ ከኣ፡ ልዕሊ ካልኦት ብዙሓትን ቀቢላታትን ብፍሉይ ደጽምብልዎን የብዕልዎን። ዕላማ ናይ'ዚ ፈስቲቫል ኑቲ ምህርቲ ዝሰጦም ኣምላኽ ንምምስጋን እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ኣብ ምዝዛም ቀውዒ ዝበዓል።

ቻቫንግ ካት ክትርጎም ከሎ፡ ቻቫንግ ዝብል ቃል ቀውዒ ክኸውን ከሎ ካት ዝብል ቃል፡ ምእካብ ምህርቲ ማለት እዩ። ናብ ኣምላኾም ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ ኣብ ሃገሮም ሰላም፡ ጥምረትን ሃብትን ክኸውን ናብ ኣምላኾም ትምኒቶም የዕርጉ። ቀጺሎም ኑቲ ብሩዝ ዝሰርሕዎ ኣልኮላዊ መስተ ብሓንሳብ ኮይኖም ይሰትይዎ።

ኣመጻጽኣን ኣጀማምራን ናይዚ ፈስቲቫል ንጹር እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ሓደ ካብቶም 12 ነገዳት እስራኤል፡ ምናሴ ዝተባህለ ነገድ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ወራር ንቐይሕ ባሕሪ ሰጊሩ ክስደድ ከሎ፡ ሰናይ ጉዕዞ ክኸውሉ ብምምናይ 'ካት' ዝተባህለ ናይ ቀውዒ በዓል ከም ዘበዓለ ዝግለጽ ኣፋዊ ዛንታ ኣሎ። መጠኑ ናይ'ዚ ፈስቲቫል ድማ፡ እዚ ዛንታ ከም ዝኸውን ይነገር።

ቻቫንግ ካት ኣብ ሚዞፑር ካብ ዝገብሩ ፈስቲቫላት እቲ ዝዓበየ እዩ። እዚ ፈስቲቫል ከመይ ክኸውን ኣለዎ ዝገልጹ ጽሑፋት ወይ ሕግታት እኳ እንተ ዘይሃለዉ፡ ኩሎም ቀቢላታት እዚ ቦታ ኣፍቶም ባህላዊ ሳዕስዒታት የቕርቡ። ናብዚ ፈስቲቫል ዝመጽእ ሰብ ኩሉ ንበሃሩ ዝገልጽ ባህላዊ ኣከዳድና ይገብር። እዚ ፈስቲቫል መንእሰያትን ዓበይትን ብሞገዕሪ ዝሳተፍዎ ውዕውዕ ፈስቲቫል እዩ።

'ካንግቾይ' ዝበሃል ጸወታ ድማ ይጻወቱ። እዚ ጸወታ ብመንእሰያት ዝጽወት ኮይኑ፡ ንዝሓየለ መንእሰይ ዝግበር ውድድር እዩ። ሓደ ካብቲ ጽቡቕ ነገር ናይ'ዚ ፈስቲቫል፡ ንደቂ ኣንስትዮ ማዕረ እቶም ደቂ ተባዕትዮ ናይ ምስታፍ ዕድላት ዝወሃበን ምኻኑ እዩ። ከምቲ ዝሓየለ ወዲ ተባዕታይ ዝምረጽሉ፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ውድድር ቁንጅና የካይዱ።

ብዘይካ'ዚ ዝተፈላለዩ ባህላዊን ዘመናዊን ስፖርት ይካየዱ። ኣዳለውቲ ናይ'ዚ ፈስቲቫል 'ካት ማራቶን' ብዝበሃል ስም ውድድር ጉያ ማራቶን ኣብ ከተማ ሞሪህ የዳልዉ። ቴማ ናይ'ዚ ውድድር፡ 'ንጥምረትን ብዙሕነትን ገዮ' ዝበሃል እዩ።



## ቀቢላ ካዋሂቫ

ህዝቢ ካዋሂቫ ኣብ ጫካ ኣማዞን ብራዚል ዝርከቡ ህንዳውያን እዮም። እዞም ህዝቢ ካብ ብዙሕ ጃምላዊ ህልቂት ዝተረፉ እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ዘመን፡ ብዙሓት ወረርቲ ነዚ ዝነበሩሉ ቦታ ብምጥቃዕ፡ ዳርጋ ኣጽኒቶሞም እዮም። ክሳብ ሕጂ'ውን ክረግኡ ኣይከኣሉን ዘለው፡ ብሰንኪ ወራራት ብዝሒ ህዝቢ እዚ ቀቢላ ኣዝዩ ጉዱሉ ደርኪቡ።

ካዋሂቫ ኣብ ርዮ ፓርዶ ዝበሃል ቦታ ናይ ብራዚል ይነብሩ። መኣብሮኦም ኣብ ሃደንን ጉስነትን ዝተመርኮሰ እዩ። ብዛዕባ እዚ ህዝቢ ዝፍለጥ ነገር ኣዝዩ ውሑድ እዩ፡ ምኽንያቱ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ምስ ኣከባቢኦም ሰላማዊ ዝምድና ኣይነበሮምን። ዝሓሸ ዝምድና ዘለዎም ምስ ፒሪንኩራ ዝበሃል ቀቢላ እዮም። ምስዞም ቀቢላ ሓደ ዓይነት ቋንቋ፡ ሓደ ዓይነት ኣቀማቕማ ጸጉሪ ከም'ኡ'ውን ዓሳ ንምግፋፍ ተመሳሳሊ መግፈፊ ኣጸዋር ይጥቀሙ።

ጎረባብቶም 'ቀይሕ ርእሲ ዘለዎም ህዝቢ" ወይ "ሓጻርቲ ሰባት" እናበሉ ይጽውዕዎም። ህዝቢ ካዋሂቫ ከም ካልኦት ህዝቢ ብባህላዊን ማሕበራዊን ኣገባብ ይመሓደሩ።

ጥንታውያን ህዝቢ ካዋሂቫ ብግሕረስ ይነብሩ ከም ዝበሩ ይፍለጥ። ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ግና፡ ብሰንኪ ኩናትን ወራራትን ክሃድሙ ብምጅማሮም፡ ካብ ቀዋሚ መነብሮ ናብ ጉስነትን ሃደንትን ተቐይሮም ደርኪቡ።

እዞም ህዝቢ ቀዋሚ መነብሮ ኣብ ዝነበሮም ግዜ፡ ኣብ ቤቶም እንስሳ ዘቤት የራብሑ፡ ካብ ገረብ መዓር ይብርብሩ፡ ከም'ኡ'ውን ገዛኦም ብጨናፍር ናይ ገረብ ሸጦካ ገይሮም ይሓጽሩ ነበሩ። ዕላማ ናይ'ዚ ሓጹር ካብ እንስሳ ዘገዳም ወይ ጸላእቶም ንምክልኻል እዩ ነይሩ።



## ካብ ኣደነቕቲ ልምድታት ኣህዛብ

1. ዝበዝሑ ኣመሪካውያን ደቀባት ንሰለስተ ጾታ እዮም ኣፍልጦ ዝህቡ። እቲ ሳልሳይ ጾታ፡ 'ክልተ መንፈስ' ዘለዎ ኮይኑ ዝተባረኸን ፍሉይ ተውህቦ ከም ዘለዎን ገይሮም ይኣምኑ።

2. ኣብ ኣማዞን ኣብ ዝርከቡ ቀቢላ ኣዋ፡ ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ኣሕዋተን ሰብኣተንን ኣብ ሃደን ይዋፈራ። ናይ ዝኾነ ሰብኣይ ሓገዝ ከይደለያ ንውልቀን እየን ንበረኻ ዝወፍራ።

3. ኣብ ደቡባዊ ኒጀር ዝርከቡ ቀቢላ ውዳቤ ዓመታዊ ውድድር ቁንጅና ደቂ ተባዕትዮ የካይዱ። መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ መጸባበቒ፡ ዕንቍ ስልማትን ብሉጽ ዝበልዎ ክዳውንትን ብምግባር ምርኢት የቕርቡ። ዕላማ ናይ'ዚ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ንምስሓብ ኮይኑ፡ ኣብቲ መዓልቲ እቲ ደቂ ኣንስትዮ ደስ ዝበለን ወዲ ተባዕታይ መርጸን ይምርዓዋ።

4. ኣብ ሳራዋክ ዝነብሩ ህዝቢ ፔናን፡ ዓሳ ንምግፋፍ ፍልይ ዝበለ ኣገባብ እዮም ዝጥቀሙ። ንቶም ዝኸፍኦም ዓሳታት ንምድንዛዝ፡ ካብ ኣትክልቲ መርዛም ነገር ድሕሪ ምጥቃሞም፡ እቶም ዓሳታት ኣብ ላዕለዋይ ማያዊ ኣካል ጸንበሉል ይብሉ። ቀጺሎም፡ ነቶም ዘድልዮም ዓሳታት ገፊፎም፡ ነቶም ንኣሽቱ ዓሳታት ድማ ይገድፍዎም።

5. ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ህንዲ ዝነብሩ ህዝቢ ቶዳ፡ ንዝተሰብረ መሓውር ንምጽጋን ፍልይ ዝበለ መዓር ይጥቀሙ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ግዜ ክራማት መዓር ኣይብርብሩን እዮም። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜ እቲ ከውሒ ሰማይ ስለ ዝኸውን ኣናህብ ሓድሽ ቤት ክሰርሑ ይሸገሩ እዮም ዝብል እምነት ኣለዎም።

6. ሰረዳስ እታ ዝደመቐት ኮኾብ ኮይና፡ ሕብእ መጸምዲ ኣለዋ። እዛ ኮኾብ ብዓይኒ ዘይትርኣ ኮይና፡ ኣብ 19 ዘመን ብምዕራባውያን ተመራመርቲ ዝተረኽበት እያ። እንተኾነ ህዝቢ ዶጎን ብዛዕባ እዛ ኮኾብን ዑደታን ብዙሕ ከም ዝፈልጡ ይዛረቡ።

7. ኣብ ናሚብያ ዝርከብ ደቂ ኣንስትዮ ሂምባን ኣንጎላን ኩሉ ነብሰን ብኦትጃዝ ዝበሃል ካብ ቆጽሊ ዝስራሕ ቀመም ይሸፍና። ወላ'ኳ እዚ ቀጽሊ፡ ካብ ጸሓይን መዝሰቲ ጣንጡን ዝከላኸለለን እንተኾነ፡ ንሳተን ግና ንመጸባበቒ ጥራይ ከም ዝጥቀማሉ እየን ዝዛረባ።

8. ኣብ ከባቢ ወርሒ ዝርኣ ደሙቕ ቀለቤት፡ ደቀባት ኣውስትራልያ ትንቢት ኩነታት ኣየር ንምትንባይ ከም ዝጥቀሙሉ ይዛረቡ።

9. ጉጉ ይሚቲር ዝተባህሉ ኣውስትራልያውያን ኣህዛብ ንጸጋምን የማንን ዝገልጽ ቃላት ይብሎምን። ብጀካ ኣንፈታት ንምግላጽ ዝጥቀምሉ ሰሜን፡ ደቡብ፡ ምብራቕን ምዕራብን ካልእ የብሎምን።

10.ዓሶ ሓደ ካብቶም ቀተልቲ ሕማማት እዩ። ደቀባት ከቻ ናይ ፔሩ፡ ቦሊቭያን ኢኳዶርን ግና ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ካብ ኪኒኖና ዝበሃል ገረብ ዝስራሕ ኩይናይን ዝበሃል መድሃኒት ይጥቀሙ።

11. ኣብ ማለዥያ ዝርከቡ ህዝቢ ባጃኡ ኣብ ባሕሪ ትንፋሶም ሓቢኦም ክሳብ 20 ሜትር ክዓሙቁ ኣይጸግሞምን። እዞም ህዝቢ ካብቲ ኣብ ባሕሪ ዝጸንሕሉ ግዜያት እቲ 60 ሚእታዊት ኣብ ውሽጢ ባሕሪ እዮም ዝጸንሑ።

12. ኣብ ቬኔዙዌላ ኣብ ግዜ ቀጸራ ኣብ ልክዕ ግዜኻ ምምጻእ ከም ነውሪ እዩ ዝቖጸር። ካብ ሰዓትካ ርብዒ ሰዓት ደንጉኻ ክትከይድ ኣሎካ። ኣብዛ ሃገር ኣብ ቆጸራኦም እሙናት ዝኾኑ ሰባት ከም ሰሉዓትን ህንጡያትን እዮም ዝውሰዱ።

13. ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዓመታዊ ዝጽምበል ውድድር መስሓቕ ገጽ ኣሎ። እዚ ውድድር ካብ 13 ዘመን ዝጀመረ ምኻኑ ይግለጽ። እዞም ኣብዚ ውድድር ዝሳተፉ ሰባት ገጾም እናቐያየሩ መስሓቕት ኮይኖም ክረኣዩ ይጽዕሩ። ነዚ ውድድር ኣርባዕተ ግዜ ዝተዓወተሉ ፔተር ጃክማን ዝያዳ መስሓቕ ኮይኑ ክርኣ ብዝበሎ ኩሉ ኣስናኑ ከም ዘርገፈ ይፍለጥ።

14. ኣብ ሰሜናዊ ክፍሊ ቦርነ ዝርከቡ ቀቢላ ቲዶንግ፡ መርዓውቲ ድሕሪ መርዓኦም ኣብ ዘለዋ ቀዳሞት ሰለስተ መዓልታት ዓይኒ ምድሪ ከይጥቀሙ ዝኽልክል ሕጊ ኣለዎም። እዞም መርዓውቲ ኣብዘን መዓልታት ክሽኑ ይኸኡን ኣካሎቶም ክሕጸቡ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ስለዚ ኣዝዩ ውሑድ መግቢ እዮም ዝወስዱ። እዚ ምግባር ኣብ ሓዳር ሕጉስ ህይወት ከም ዘህልወካ ይኣምኑ።

15. ኣብ ታይላንድ ዝነብሩ ቀቢላ ካረን ከም ዘረፍ ነዊሕ ክሳድ ምውናን ኣዝዩ እዩ ደስ ዝበሎም። ስለዚ ነዊሕ ክሳድ ክውንኑ ካብ ግዜ ህጻንነቶም ኣትሒዞም እዮም ጻዕርታት ዘካይዱ። ስለዚ እተን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ሓሙሽተ ዓመት ኣትሒዘን ክሳደን ንምንዋሕ ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ ቀለቤት ኣብ ክሳደን የእትዋ። እናንገዘ ክኸዱ ከለዋ ድማ፡ ቁጽሪ እቲ ቀለቤት እናወሰኸ ይኸይድ። ኣብዚ ቀቢላ ነዊሕ ክሳድ ምውናን ምልክት ጽባቐ እዩ።

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

ካልኣይ ክፋል

**ደቂ ሰብ ኣብ እዚ እዋን እዚ፡ ካብ ዝኾነ ዘመን ንላዕሊ ኣብ ስራሕ ተጸሚድና ንርከብ። ካብ ገዛና ናብ ስራሕና ክንመላለስ እንዝልኦ ቀሊል ኣይኮነን። ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ክንገይሽ ክንውዕል፡ እንድኽም ከቢድ እዩ። ዝተፈላለዩ ኣሰባዛ ንብረት፡ … ክንሽይጥ ክንዕቅብ ዕረፍቲ እንስእኖ ብቑሊሉ ዝርአ ኣይኮነን።**

ብኹሉ መለክዒ ክንመዝኖ እንኽእል፡ ምስ ሰባት ንምብህሃል እንዝምድቦ ቀጻሊ እናተቐርመመ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። መን ኣሎ ንዘርርብ እኹል ግዜ ዝረክብ?

ብዙሓ ግዜ ርእስኻ እሰከ ንሕደት ደቃይቕ ኣሰላስል። ሰባት ንሓሳብትኻ ክርድኡኻ ትደሊ ኢኻ፡ የግዳስ ኣብ ከባቢኻ ተገዲሱ ጽን ኢሉ ዝሰምዓካ ሰብ ትረኽቦዶ?

ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ብዙተኻእለካ መጠን ንዘርርብ ብኣድማዒ ኣገባብ ተጠቒምካሉ? ዘርርብ ማለት ንሕና ምስ ካልኦት ደቂ ሰብ እንተኣሳሰረሉ ዝበለጸ መሳርሒ እዩ። ንሕና ንዘርርብ ብዙዮዑ ክሳብ ዘይተጠቐምናሉ፡ ብጹምዋ ከም እንነብር ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥር የብሉን።

ደቂ ሰብ ካብ ካልኦት ፍጥረታት እንፍለየሉ ሓደ፡ ብዝጸሩ ክንዛረብ ስለ እንኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት ርእሰ ምእኩላት ኰይናም እየም ዝጸምዑና። ዋላ ክንቀርቦም እንተ ፈተንና፡ ሕቱማት ኰይናም እንረኽቦም ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን። እቲ እኹ መንገዲ ካብ ኣብ ገዛእ ርእሱ-ሓልየት ምሐር ምጥሓል (self-absorption) እንወጽኣሉ እምባኣር ዘርርብ እዩ።

ክንጽሮ ምስሉይ ደረጃ፡ ብዙሓት ዓርኪ መሓዙት ክትረኽብ ምሐር ኣጸጋሚ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ዘተሓፆዩኻ ሰባት ክትረኽብ ኣይትጽገምን ትኾውን። ብዙሕ ከኣ እግሪ ዘዕልሉኻ ብርክት ዝበሉ ሰባት ክትረኽብ ትኽእል ኢኻ፡ ብዙሕ ቅዱ ፋሽን ዘዕልሉኻ ሰባት ኣብ ከባቢኻ ኣይሰኣኑን እየም። የግዳስ እዚ እኹል ኣይኮነን። ብዙሕ ወሻጣዊ ስምዒትና ብዘይ ጸገም ከዕልለም እንኽእል ሰባት እምብዛ የድልዩና እየም።

ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ኣብ ብዙሕ ከርንዓት ዓለም ዋላ ኣብኦት ሓንቲ ስድራ ቤት ንሓድሕዶም ብዮዝእ ኣብ ዘይዛረረብሉ ደረጃ በጺሖም ኣለዉ። በቃ ኣብ ሓንቲ ገዛ እናተቐመጡ ክንሶም፡ ኣኖፆም ውልቃዊ ህይወት ዝመርሑ እናበዝሑ ይመጽኡ ኣለዉ።


ቀደም ሰባት ኣብ ሓደ ገዛ እናተቐመጡ ናይ ልቦም እዝን ምዝን ደብሃሉ ነይሮም። ሎሚ ግዱ መብዛሕትኦም ንሓድሕዶም ዕሽሽ ተበሃሂሎም ንኣዒንቶምን እዝኖምን ኣብ ማሳት ቴለቪዥን ወይ ሞባይል ዝተኸሉ ይብርኩቱ ኣለዉ። እወ ጸወታ ስፖርት ወይ ፊልም ካብ ቀጥታዊ ዘርርብ ንላዕሊ ቦታ ይወሃቦ ኣሎ።

ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ከርናዕ ተዓቚብና፡ ንጽጸምና ንበይንና ክንፈትሖ ህርዲግ ምግል ብዙሕ ግዜ ኣየዋጽኣናን እዩ። ኣብ ቴለቪዥን ከዕሶ ወይ ፊልም ክንርኢ ኢልና ኣይኮንናን ምስ ሰባት ክንቋጸር ዘለና። ምስ ሰባት እንቋጸር፡ ንሓድሕድና ናይ ልብና ምእንቲ ክንበሃሃል ክኸውን ተመሪጹ እዩ።

ቀመር ህይወት

ከም ዝጠቐስናዮ ኣብ ዘርርብ እንተ ዘይኽኢልና፡ ናብ ክንወጽኦ ዘይንኽእል ዝቑቲ ክንሽመም ንኽእል ኢና። ናይ በይንና ርእይቶ ሐጊዝና፡ ኣብኡ ጥራይ ክንድረረት ዝለዓለ ተኽእሎ ይህሉ። ኣብ ገዛና ብኣካል እንከሰና፡ ብሓሳብ ተጸልና ክንነብር ንኽእል።

ንምብህሃል ዝኸውን እኹል ግዜ ክንምድብ ኣለና። ምስ ብዑልቲ



ቤትና፡ ደቅና፡ ወለድና፡ መሳርሕትና፡ ዓርኩ መሓዙትና፡ … እዝን ምዝን እንበሃሃለሉ ግዜ ክሐጽር ግቡእ እዩ። ዘረባ ነቲ ዝዓመቔ ሓሳባትና ናይ ምምሕልላፍ ብቕዓት ኣለዎ።

እቶም ካብ ልቢ ዝምንጩ ቃላት፡ ብቐጥታ እዮም ናብ ካልእ ልቢ ዝኣትዉ። እቲ ካልእ ሰብ ዝዛረቦ ሕርኽርኽ ከይበለና ናብ እቲ ዝዓመቔ ገዛእ ርእስና ክኣቱ ይኽእል እዩ።

ዘርርብ ኣብ መንጎ ሰባት ዓሚቝ ምትእስሳር ይፈጥር። ንዓለምና ኣብ ምስፋሕ ዝለዓለ ኣበርክቶ ኣለዎ። ብዘይዘርርብ ዓለም ብላሽ እያ። እቲ ኣብ ዘርርብ ዘይዓጽል ሰብ ብስምዒት ክመውት ግዜ ኣይወስደሉን እዩ።

ዝበለጸ ዘርርብ ንመላእ ዓለም እንደህስሰሉ እቲ ዝሓሸ ዕድል እዩ። ዘይከም ፊልም፡ እዚ እንዕበረለ ዓለም ክውንነታዊት እያ። ኣብ ሰኣለ ኣእምሮ እተቐርጸት ኣይኮነትን። እቲ ንሓድሕድና እንፈጥሮ እወታዊ ዝምድና ደሞ ማእለያ ዘይብሉ ጸጋ ሐዚልና ይመጽእ።

ንምብህሃል ከላትና ኣይኮንናን እንመልከ። ምናልባት ንምዝራብ ንመልኮ ንኸውን ኢና። እቲ ምንታይሲ፡ ምዝራብ ተፈጥሮኣውን ቅጽበታውን እዩ። የግዳስ ምብህሃል ጥበብ እዩ። ክንዲ ዝኾኑ ክንምሃሮን ብዙግቡር ክነስርሓሉን ይግባእ።

ንምብህሃል ክትመልኮ እንተ ደአ ደሊኻ ንኣመለኻኽታኻ ብምቕያር ጀምር። ብኣውቶቡስ ነዊሕ መገሻ ክትከይድ እንክለኻ፡ ነቲ ኣብ ጎንኻ ዘሎ ሰብ ከተዕልሎ ትፍትንዶ?

ንዘይትፈልጦ ሰብ ዝኾነ ኣርእስቲ መረጽካ ከተዕልሎ ከቢድ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ንዕኡ ንዓኻ ዝምእምኣካ ኣርእስቲ፡ ነቲ ካልእ ሰብ ቅጭ ዘምጽኣሉ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ነቲ ንፈለማ ግዜ ዝተላለኻዮ ሰብ ቀድም ቀዳድም 'ሰላም' በሎ። ካብኡ ሐደት ቀለልቲ ሕቶታት ኣሰዕብሉ፡ "መን እዩ ስምካ? ካበይ ኢኻ መጺእካ? …" ዝበሉ ሕቶታት ንመላለዩን መዳመቒ ዕላልን ተመሪጾቲ እየም። በዞም ሕቶታት ዝጐዳእ ወይ ዝሕሹሪ ሰብ ዳርጋ የለን።

እቲ ቀንዲ ጥበብ ምብህሃል ዘድሊ እምበኣር፡ ዝም ሕቶታት ምስ ወዳእካ እዩ። ካብኡ እንታይ ክትብል ኣለካ? እቲ ሰብ ምኻኻ ከዕልል ድሌት እንተ ዘይብሉ ወይ ብድኻም ተሰኪፉ ክድቅስ እንተ ደለየኸ? ካብ እቲ ኮፍ ዝበልካሉ መንበር ተሰኢካ ናብ ከሎም እቶም ኣብ እታ ኣውቶቡስ ዘለዉ ሰባት እናጠመትካ፡ "ኣነ እንታይ እየ ዝገብር ደቀይ?! ሓደ ዕላል ዘይፈቱ ኣሰልካዩ ሰብ እምበር በጺሑኒ!" ክትብል ትጽቢት ኣይግበረልካን እዩ።

ሰባት ኣብ ዕላል ከይጸገኻ ኣይትፍራሕ። ዋላ ሓንቲ ዘሕንኽ ምኽንያት የብልካን። ገለ ሰባት ምሳኻ ከዕልሉ ፍቓደኛታት ስለ ዘይኮኑ፡ ኣይትመውትን ኢኻ። ክትማሃረሉ ግዱ ብርግጽ ትኽእል ኢኻ። ጸቡቕ ምብህሃል ብቐጻሊ ምኽሳኡስ ከም ዝዓቢ ክጠፍኣካ የብሉን።

ምይይጥን ዘርርብን ሓደ ከም ዘይኮኑ ክትስሕቶ የብልካን። ምይይጥ ማለት ጉዳይ ቅሉዕ ወይ ጌጋ ምኻን እዩ። ኣብ ምይይጥ ጭብጥታትን ርእይቶታን ሐዝካ ኢኻ እትገጥም።

ዘርርብ ግዱ ንካልእ ሰብ ብውልቅኻ እትብርብረሉ ወይ እትደህስሰሉ ኣገባብ እዩ። ኣብ መዳይ ዘርርብ እቲ ቀንዲ ነጥቢ፡ ንካልኦት ንምምሳጥ ኣይኮነን። ህሉውነትካ ንምዕባይ እውን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ብዙሕ ካልኦት ሰባት ምፍላጥ እዩ።

እዚ እዩ ናይ መብዛሕትና ልሙድ ጌጋ ዝኾውን ዘሎ። ምስ ሓደ ሰብ ኣብ ጉዕዞ ኣውቶቡስ እናዕለልካ እንከለኻ፡ ክንደይ ዋንጫ ወይ መዳልያ ከም ዝተዓወትካ ኣይትንገር። ኣየናይ መዳይ ወፍሪ ከም ዘቖደካ ምንጋር ኣየድልዮካን እዩ። ናይ ወጻኢ ሸርፊ ክንደይ በጺሑ ከም ዘሎ ምንጋር ኣየድልዮካን እዩ። እዚ ዝምልከት ሓበሬታ ዝሀቡ ሕጋውያን ትካላት ከም ዘለዉ፡ ከመይ ኣቢሉ ክጠፍኣካ ይኽእል?

እቲ ቀንዲ ነጥቢ ብዛዕባ ዘርርቡ ምስ ካልኦት ሰባት ምትእስሳር እዩ፡ ንተመክሮታቱ፡ ሓሳባቱ፡ ስምዒታቱ፡ ወሻጣዊ ኣድናቖቱ … ምድህሳስ እዩ። ንሱ ብዛዕባ ህይወት እንታይ ዓይነት ሓሳባት ኣለዎ? ብዛዕባ ፍቕርን ትርጉምን እንታይ እዩ ዝሓስብ?

ንኣብነት፡ 'ምይይጥ' ኣብ እቲ "እዚ ኣካይዲ ስራሕ ትካልና ብኣድማዕነቱ ደስርሕ ኣሎ?" ዝብል ሕቶ ክድህብ ይኽእል ይኸውን። እቲ 'ዘርርብ' ግዱ "ከነታት ስራሕኻ ንዓኻ ብውልቅኻ ከመይ ይጸልወካ ኣሎ?" ዝብል ሕቶ የልዕል ይኸውን።

ነቲ ኣርእስቲ ናብ ዝያዳ ስምዒታዊ ዓውዲ ከተምጽኦ ዒላማ ግበር። ነቲ ኻልእ ሰብ ኣብ እቶም ዘጨንቕዎ ጉዳያት እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ከም ዝወስድ ክትሓትቶ ትኽእል ኢኻ። እቲ ዘርርብ ክሳብ "ሕጂ እንታይ ይሰምዓካ ኣሎ? ሎሚ እንታይ ጉዳይ ዘሕረቐካ ኣሎ? እንታይ እዩኸ ንዓኻ ዘሐጉሰካ?" ዝበሉ ሕቶታት እንተ ተማጠጠ ኣየሰክፍን እዩ።

ነቲ ሰብ ንኽተዛርቦ እንተ ተጸገምካ፡ ናትካ ገለ ተመክሮን ስምዒትን ብምዕላል ኣብ መንጎኹም ምትእምማን ክትፈጥር ፈትን። ኣብ ዕላልካ 'ፈሊጠ ኹሉ' (Mr. Know-It-All) ክትኮውን ኣይትጸዓር።

ንሓደ ሓሳብ ክተቕርብ እንከለኻ፡ "ንጉዳይ ስድራ ቤትን ሞያን ሚዛን ኣብ ምትሓዝ ጸገም ኣለኒ። ነቲ ኩነታት ብኸመይ መንገዲ እየ ዝርእዮ። ኣብዚ ጉዳይ ዘለካ ተመኩሮ ክፈልጥ ምደለኹ። ብዛዕባ እዚ እንታይ ስምዒት ኣለካ?" ክትብል ትኽእል ኢኻ። ንሽኻ ንግበረ መልሰኻ ክትዝርዝር እንከለኻ እቲ መተዓልልትኻ ባህ እናበሎ ግብረ መልሱ ክዘርዝረልካ ይኽእል እዩ።

ንሓደ ዘርርብ መሳጢ ገይርካ ብኸመይ ከተቕጽሎ ትኽእል? ንስኻ ንባዕልኻ በቲ ዘርርብ ክትማረኽ ኣለካ። ብዛዕባ ህይወትን ሰባትን ልዑል ተምሳጥን ህንጡይነትን እንተ'ልዩካ፡ ንስኻ ዝበለጸ እዝን ምዝን ተብሃሊ ክትኮውን ትኽእል ኢኻ። ሰባት ናጻ ኰይናም ከዕልሉኻ እየም። እቲ ምንታይሲ፡ ተገዳስነትካ ንዕኦም ከም ማግኔት ኰይኑ እዩ ዝስሕቦም።

እቲ 'ተመሳጦ' (fascination) ብቐሊሉ ምምጻእ እንተ ኣብዩ፡ ገለ ርእሱ ትንተና ክትገብር ኣለካ። ስለምንታይ ከምኡ ክትገብር ከም ዘድልየካ ክትግምት ትኽእልዶ? መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ጸገም፡ መሰረታዊ ዘይምግዳስ እዩ። "ብዛዕባ እዚ ሰብ እንታይ ዘሕሊ ወይ ዘገድስ ኣለኒ?" ዝብል ስምዒት ክነውንወካ እኳ ይኽእል እዩ።

ኣድህቦኻ ከተዕቢ እንተ ደሊኻ፡ ንፍሲ ወከፍ ሰብ ተኣምራታዊ ፍጥረት ገይርካ እንተ ወሰድካዮ ይምረጽ። ምናልባት ጌጋ ንፍጽም ንኸውን ኢና፡ የግዳስ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ፍሉይ ሰብ ምዃኑ ከቶ ክንዘንግዖ ኣይግባእን። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ምስ ምሉእ ሓሳባቱ፡ ተመክሮታቱን ፍሉይ ልቦናኡን ክንረኽቦ ከም እንኽእል ከስተውዕል ኣለና።

ኣብዚ መዳይ ክንጋገ የብልናን። ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ፍሉይ ተጉዳስነቶምን ተምሳጦምን ቀልጢፍ ኣለም ኣየግህዱልካን እየም።

ነቲ ዘድንቐ ሰብ ክጽዮ ግዳማዊ ትርኢቱ ክትደህሶ እንተ ደሊኻ፡ ልክዕ ከም ጋዜጠኛ ቃለ መሕትት ግበረሉ። ከምኡ ብምግባር ኣጉዳሲ ዛንታ ካብ ውሽጡ ክትብርብር ትኽእል ኢኻ። "ካብ ባጽዕ እምበኣር ኢኻ መጺእካ፡ እሞ ሕጂ ባጽዕ ሃሩር ደዩ ዘሎ ሓቂዩ?" እናበልካ ንዕላል ከተበራብራ ትኽእል ኢኻ።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ክፈልጥ ይደሊ እዩ። የግዳስ ንገዛእ ርእስኻ ምምርማር (introspection) ምሐር ኣቐንዛዊ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምእንቲ እዚ፡ ሕቶ ከተቕርብ እንከለኻ፡ ንኻልኦት ሰባት ብዛዕባ ገዛእ ርእሶም ንኽፈልጡ ትሕግዞም ከም ዘለኻ ኣስተብህለሉ።

ሓደ ሰብ፡ "ብዛዕባ ህይወት እንታይ ሓሳብ ኣለካ? ህይወት ጽብቕቲ ድያ? ህይወት ኣሰልካዪት ድያ? ህይወት ቃልሲ ድያ? …" ኢሉ ሓቲቱካ ኢልካ እሰከ ኣብ ኣእምሮኻ ቅረጾ።

ብፍላይ ኣብ ዓቢ ስጉምቲ ህይወት ውጥን ከተውጽእ እንከለኻ – ከም ሓዳር፡ ሞያ፡ መንፈሳውነት – ንዘርርብ ከም መሳርሒ ተጠቐመሉ። ንኻልኦት ቃለመሕትት ኣግብሮም፡ ተመክሮኻ እንታይ ነይሩ? መሳጢ ደዩ ነይሩ? እንታይ ጸገማትከ ነይሮምኻ? እንታይ ዘሐጉስ ነይሩ? ንፍርሕኻ ብኸመይ ተወጊዶ? እንታይ ከሲብካ? እቶም ተኽእሎታት እንታይ እየም?

ንሽኻ ክትምስጥ እንከለኻ ሰባት ክዛረቡ ይጀምሩ። ወረግ ዘረባ ኣየቋርጹን እየም። ንህይወት ዳህስሳ፡ ተዛረብ! እዚ መሳርሒ ህይወት ምኻኑ ኣስተውዕል – እዚ ዘይምጥቃም መሰሓቕ ሸረፋት እዩ ዝገብረካ!

እቲ 'ቕድም ቀዳድም ምስ ሰባት ክትላለ እንከለኻ ክትገብሮ ዝግበኣካ፡ ነቲ ሰብ ስሙ ምፍላጥ ክኸውን ኣለዎ። ስም ሓደ ሰብ ኣብ ሰብኣዊ መንነቱ ዓቢ ግደ እዩ ዘለዎ። ብስሙ ክትጽውዖ እንከለኻ ምስኡ ጥቡቕ ምትእስሳር ክትፈጥር የኽእለካ። ብተገዳስነት ምሳኻ እዝን ምዝን ንኽበሃሃል ይድረኽ። ምስ ዘይትግደሰሉ ሰብ እኳ እዝን ምዝን ክትበሃሃል ኣጸጋሚ እዩ።

ደቂ ሰብ ስሞም ምስ እንፈልጦም ኢና፡ ክውንነታውያን ኰይናም ዝስምዑና። መብዛሕትና ምስ ሰባት ክንላለ እንከለና፡ ስሞም ኣብ ምሕታት ንዘንግዕ ኢና። ከም ሳዕቤኑ ምስ ሓደ መንነቱ ዘይንፈልጦ ሰብ ከዕልል ንግደድ። እቲ ዘርርብ ድማ ብእኡ መጠን ይዝርግ።

ስም ናይ ምርኣዕ ጸገም ኣለካ ደዩ? ኣብዚ እቲ ፍታሕ፡ ኣብ እዋን ሰላ ልዑል ኣድህቦ ገይርካ ነታ ስም ምሓዝ እዩ። ስሙ ምስ ነገርካ ብውሽጥኻ ነታ ስም ምእንቲ ከይትርስዓ ደጋግሞ። ነቲ ስም ምስ ዝኾነ ካልእ ፍጻመ ወይ ሰብ ከተዛምዶ እንተ ኽኢልካ፡ ብቐሊሉ ክትዝክሮ ትኽእል ኢኻ። ምስ ናጽነት ዝሰማ ጓለንስተይቲ እንተ ተላሊኻ፡ ምስ ናጽነት ኤርትራ ከተተኣሳስራ ትኽእል። ምስ የማ ዝበሃል ሰብ እንተ ተላሊኻ፡ ምስ ኣርካን ደምጻዊ የማ ገብረሚካኤል (ባርያ) ኣተኣሳስሮ።

**"ንፋስ ለይቲ ጸቡቕ ዘርርብ ከምኡ እውን ስማይ ምሉእ ከዋኽብቲ ንዓርጋ ኹሉም ቁስሊ ከሕውዩ ይኽእሉ።" — በዩ ታፕሊን**

**"ዋዛ ጨው ዘርርብ እምበር፡ መግቢ ዘርርብ ኣይኮነን።" — ዊልያም ሃዝሊት**

ይቕጽል

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሉ

## ምክልኻል ሞያዊ ሓደጋ

ደቂሰብ ኣብ ዘካይድዎ ንጥፈታት ወይ ኣብ ዘተግብርዎ ስርሓት፡ ጌጋታት ወይ ጉድለታት ኣብ ዝፍጽምሉ ግዜ፡ ሓደጋ ኪጋጥሞም ንቡር እዩ። እዞም ዘጋጥሙ ሓደጋታት ግን፡ ንምንታይን ብኸመይን ኣጋጢሞም መጽናዕቲን መርመራን ኣብ ክንዲ ዝተኻየደሎም፡ ከም ንቡር ማሰርሒ ህይወት ተወሲዶም፡ ሰቕ ኢሎም ይሕለፉ እዮም። ሓደ ክፍለጥ ዘለዎ ጉዳይ፡ ሓደጋ ውጽኢት ናይ ዝተወሰኑ ጠንቕታት እዩ፤ እቶም ጠንቕታት ድማ ዘይውሑስ ኩነታት ወይ ዘይውሑስ ተግባራት ክኾኑ ይኽእሉ።

ሓደጋ፡ ኩሉ ግዜ ከይገመትካዮ ሃንደበት ዘጋጥምን ክትቆጻጸሮ ዘይትኽእልን ክስተት ኮይኑ ይወሰድ እዩ፤ እዚ ግን፡ ካብቲ ክእረም ዘለዎ ጌጋ መረዳእታን ኣተሓሳስባን እዩ። ብሰንኪ እዚ ዝተጠቕሰ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ወይ መረዳእታ፡ ኣብ ልዕሊ ሰብ ዝስዕብ ዘሎ ሃሰያ፡ ከም ኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ንብረታት ዝወርድ ዘሎ ዕንወት መዳርግቲ ዘይርከቦ እዩ።

ሓደጋ፡ ጥንቁቕ ኣተሓሕዛን ልዑል ሓላፍነትን ዝጠልብ እዩ። ምሉእ ብምሉእ ከተወግዶ እኳ ዘኽኣል እንተ ዘይኮነ፡ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከተውርዶ ግና ዘይከኣል ኣይኮነን። ኣብ ሰብ ዘጋጥሙ ሓደጋታት፡ መሰረታዊ ወይ ዝላዕ ፍታሕ ዝርከቦም፡ ውሕሉልን ጥንቁቕን ኣተሓሕዛ ብምኽታልን ሓላፍነታዊ ግዴታ ብምውጻእን፡ ከምኡ ድማ ንኸየጋጥሙ ምውጋድ ወይ ምስ ዘጋጥሙ ዳግማይ ንኸይክሰቱ ምክልኻል ይሓትት። ዝ. ድማ፡ ቅኑዑ ሓቀኛን ተኣማኒን መዝገብ ናይ ዘጋጠመ ሓደጋታት ብምሓዝን ብምዕቃብን ከምኡ'ውን ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜን እዋንን፡ ብቑዕን ጽፉፍን መርመራ ሓደጋታት ብምክያድን ኣራሚ ስጉምቲታት ብምውሳድን ክትግበር ይከኣል። እዚኣቶም ድማ'ዮም፡ እቶም ውሑስን ድሑንን ኣገባብ ኣወጋግዳ ፍጻሜታት ሓደጋታት ተባሂሎም ዝጥቀሱ። ግብራውነቶምን ተፈጻምነቶምን ኣብ ባይታ ካልእ ጉዳይ ኮይኑ፡ ዳርጋ የለውን ምባል ይቐልል። ሕጋዊ ተፈጻምነቶም ንኸረጋግጹ፡ ግቡእን ኣድላይን ክትትልን ቁጽጽርን ይካየደሎም እኳ እንተነበረ፡ እኹል ግን ኣይኮነን። ምስ ዓቕምን ብቕዓትን ተቖጻጸርቲ ኩነታት ስራሕ፡ ከም ኡ'ውን ምስ ቀረባ መሳለጥያታትን መሳርሒታትን ተኣሳሲሩ ዝመጽእ፡ ብዙሕ ዝተርፎ ነገር ከም ዘሎ ምግንዛብ ድማ ኣገዳሲ ይኸውን።

መዝገብ ዘጋጠመ ሓደጋታት፡ ብደረጃ ትካል ብጌጋ ክስራድ፡ ክትሓዝን ክዕቀብን ሕጋውን ሞራላውን ግዴታታት ኣሎ። ህላወ ናይ'ዚም መዝገብ፡ ኣብ ምውጋድን ምክልኻልን ዘጋጥሙ ሓደጋታት ክወሰዱ ዝኽእሉ ስጉምቲታት፡ ኣቓዲምካ ቀንዲን ወሳኒን ውጥን (መደብ) ንምሕንጻጽ ሓጋዚ እዮም። ውጥን ከየውጻእካ ናብ ተግባር ክትሰግር ግና ኣጸጋሚ እዩ። እንታይ፡ ኣበይ፡ መዓስን ካልእን ብንጹር ክትፈልጥን ኣንፈት ክትሓዝን መደብ ክህሉ ኣለዎ። ስለዚ ዝም ቀሊልቲ ዝመስሉ ግን ከኣ ኣገደስቲ ጉዳያት ክትምልስ መደብ ክትሰርዕ ኣሎኻ። ንጹር ውጥን ወይ መደብ ከይሓዝካ ወጽኢታዊ ስራሕ ክትሰርሕ ኣይክኣልን እዩ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ መዝገብ ዘጋጠመ ሓደጋታት ምህላው፡ ኣድማዕነትን ወጽኢታውን ናይ'ቶም ዝወሰዱ ዘለዉ ስጉምቲታት፡ ኣብ ምፍታሽን ምግምጋምን ኣድላይነት ኣለዎ።

ብመሰረት ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቁጽሪ 118/2001 ዓንቀጽ 20 (7)፡ ዝኾነ ትካል ካብ ስራሕ ዝብገሱ ጉድኣት ሰራሕተኛታትን ካልኦት ብሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ክትሓዙ ናይ ዝተወሰኑ ዝርዝራት ሰነዳትን መዛግብቲን ክሕዝ ሕጋዊ ግዴታ ከምዘለዎ ይጠልብ። ኣብ'ዚ ክፍለጥ ዘለዎ፡ መዝገብ ምሓዝ ንስለ ስታቲስቲካዊ ሃልኪን ጻዕርን ዘይኮነ፡ ሓደጋ ኣብ ምውጋድ ወይ ምጉዳል ልዑል ጠቓምነትን ኣድላይነትን ስለዘለዎ እዩ። ካብ'ቶም ዘጋጠሙ ሓደጋታት እኹልን ብቑዕን ሓበሬታ ወይ ፍልጠት ክንረኽብ እንተኾይኑ፡ ናይ ግድን ህላወ ናይዞም መዛግብቲ ከገድሰና ኢዩ። ካብ'ዚ መዝገብ'ዚ ኩሉም ዓይነታት ሓደጋ፡ ማለት ዘወርድዎ ጉድኣት ብዘየገድስ ክምዝገቡ ክኽእሉ ኣለዎም። ቀለልቲ፡ ፈኸስቲ፡ ማእከሎትን ከበድቲን ሓደጋታት ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ክምዝገቡ ኣለዎም። ምኽንያቱ እቶም ብቐሊሉ ዝርኣዩ ግቡእ ቆላሕታ እንተ ዘይተዋህቦም፡ ሳዕቤኑ ከምዝኸብድ ርዱእ ነገር ኢዩ።

መዝገብ ዘጋጠመ ሓደጋታት ምሓዝ ብዙሕ ጥቕምታት ኣለዎ። ብፍላይ ድማ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጠመ ሓደጋ እኹል ሓበሬታን ብቑዕ ፍልጠትን ክህልወ። መዋግብቲ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ምሓዝን ምዕቃብን፡ ብዝሒ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ኣብ ምፍላጥ፡ ዓይነት ዘጋጠሙ ሓደጋታት እንታይ ከምዝመስሉ ኣብ ምልላይ፡ ክብደትን ርዝነትን ናይ'ቶም ዘጋጠሙ ሓደጋታት ኣብ ምንጻር፡ ብሰንኪ ዘጋጠመ ሓደጋታት ዝየዳ ዝተሃሰዩ ወይ ጉድኣት ዝበጽሖም ጉጅለ ሰራሕተኛታት ኣብ ምፍላይ፡ ኣብ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ተራን ተሳትፎን ዝበርም ዓይነት ማሽናትን መሳርሒታትን ኣብ ምሕባር፡ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ምስ ጠቢያት ወይ ባህርያት ዘለዎም ምትእስሳር ኣብ ምንጻርን ካልእን ኣዝዮም ኣገደስቲን ኣድለይቲን እዮም። ብሓፈሻ መዝገብ ዘጋጠመ ሓደጋታት፡ ኣብ ዘጋጠመ ሓደጋ ሓቀኛን ቅኑዕን ከኣ'ተ-ፍጻሜ ኣብ ምሕባርን ኣማእዛንን ኣንፈትን ውጥን ኣብ ምሕንጻጽ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ስለዚ ብጌጋ ክተሓዙን ክዕቀቡን ክኽእሉ ኣለዎም።

መዝገብ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ክሰንዱን ክዕቀቡን ጥራይ ዘይኮኑ፡ መታን ንኻልኦት መጋርቲን ሓበርቲን ክኾኑ፡ ናብ ዝምልከቶም ሰባት፡ በዓል መዚን ስልጣን ዘለዎ ትካልን ጸብጻቡ ክልኣኽ ኣለዎ። ዋላ ሓደ ሓደ ግዜ ይልኣኹ ደኣ'ምበር፡ ካብ ብዝሓ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ዝሓልፉ ኣይኮኑን። እዚ ግን እኹል ሓበሬታ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ወሰን ግዜ፡ ክንደዚ ሓደጋታት ኣጋጢሞም ዝሀቦ ትርጉም ዋላ ሓንቲ የለን። ስለዚ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚውን ዕቱብነት ይሓትት። ዓመታዊ ጸብጻብ ስራሕ ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ከምዝሕብሮ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብፍላይ ድማ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብርክት ክበደትን ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ብዘጠፍኦ ናይ ስራሕ መዓልታት ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ንብረት ዝወረደ ክሳራታት ተዛጺሩ ጥራይ ጸብጻቡ ይቐርብ ይልኣኽ ኣሎ። እዚ'ውን ካብቲ ዝቐደመ እኹል ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ኣብ ምክልኻል ሓደጋ ዝግበር ጻዕርታት ምሉእነት ከይህልዎ ይገብር።

ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን ጸብጻብ ዘጋጠመ ሓደጋ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክልኣኽ እንከሎ፡ ብውሑዱ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ብንጹር ተጻሒፎምን ተገሊጾምን ክልኣኹ ክኽእሉ ኣለዎም። ንሱ'ዉም ከኣ፡ ሰምን ሓበሬታን ግዳይ፡ ኩነታት ዘጋጠመ ሓደጋ፡ መዓስ፡ ኣበይ፡ ስለምንታይን ብኸመይን ከምዘጋጠመ ከምኡ'ውን ንምእራሙ ዝተወሰዱ ናይ መከላኸሊ ስጉምቲታት፡ ብዘየወላውልን ንጹርን ኣገባብን መንገድን ተዳልዩ ክልኣኽ ኣለዎ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ቁምነገር ዘለዎ ጉዳይ ኣይኮነውንን ኢዩ። ንጹርን ብቑዕን ሓበሬታታት ዝሓዘ ጸብጻብ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ምልኣኹ፡ ጠንቂ ናይቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ብቐሊሉ ኣብ ምልላይ ከምኡ'ውን እቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ዳግማይ ንኸየጋጥም ኣራምን ወሳንን ናይ መከላኸሊ ስጉምቲታት ኣብ ምውሳድ ሓጋዚ ይኸውን።

ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገለጸ፡ ሓደጋ ምስ ኣጋጠመ ዘድሊ ጥንቃቐታትን ስጉምቲታትን ቅድሚ ምውሳድና፡ እቲ ሓደጋ ብኸመይን ስለምንታይን ኣጋጢሙ ክንፈልጥ ኣሎና። እዚ ዝድለ ዘሎ ፍልጠትን ሓበሬታን ንምርካብ ከኣ፡ ናይ ግድን ጥንቁቕን ሓያልን ዝኾነ ፍተሻን መርመራን ሓደጋ ከካይድ ክንክእል ኣሎና። ዝኾነ ይኹን ኣብ ትካል ዘጋጠመ ሓደጋ - ደዐበ ይንኣስ፡ ናይ ግድን መርመራ ክካየደሎም ኣለዎ። ልክዕ ከም ናይ ፖሊስ ትራፊክ ማለት ኢዩ። ልክዕ ከምቲ፡ ፖሊስ ትራፊክ ሓደጋ ተሽከርካሪት ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ኣብ ቦታ ፍጻሜ ተረኺቦም፡ ግቡእን ኣድላይን ፍተሻን ምርመራን ዝገብሩ፡ ተቖጻጸርቲ ኩነታት ስራሕ ከኣ ሞያዊ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ተረኺቦም ተመሳሳሊ ፍተሻን መርመራ ከካይዱ ይግባእ። ስለምንታይ'ዩ መርመራ ዘጋጠሙ ሓደጋ ዝድለ ዘሎ?

ሓደጋ ንኸጋጥም መጠነ. ዝኾኑ



ኩሉም ዓይነት ረቛሒታት ወይ ኩነታት፡ ብመርመራ ወይ ፍተሻ ክረጋገጹ ክኽእሉ ኣለዎም። ድምር ወይ ድማ ተኸታታልነት ናይዞም ብጌጋ ዝተፈጸሩ ረቛሒታት ወይ ኩነታት ድማ እዮም ንሓደጋ ክዉን ዝገብሩ። ስለዚ ዘጋጠሙ ሓደጋ ዳግማይ ንኸይክሰቱ መርመራ ወይ ፍተሻ ዝተኻየደሎም ዘሎ ቀንዲ ዕላማታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

* ጠንቂ ናይቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ብጌጋ ብምልላይ፡ ዳግማይ ንኸይክሰት ኣድላዪ መከላኸሊ ስጉምቲታት ንምውሳድ።

* ከም ኣምሳያ ናይ'ቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ዝተራእዩን ዝተኸሰቱን ሳዕቤናትን ክሳራታትን፡ ኣብቶም ካልኦት ሰራሕተኛታትን ዝምልከቶም ኣካላትን ኣሉታዊ ጽልዋ ከይሕድር ምድራትን ምጉዳልን።

* ዘጋጠሙ ሓደጋታት ብኸመይን ስለምንታይን ከምዘጋጠሙ ንምንጻር፡ ዝተረኽቡ ጉድለታት ንምልላይን መብርሂታት ንምርካብን።

* ትግባረን ምእዙዝነትን ናይ'ቲ ክውሰድ ዝኽእል ሕጋዊ ስጉምቲታት ንምርግጋጽ፡ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ስለ ዘለዎ።

ስለዚ፡ብመንጽር'ዞም ዝተጠቕሱ ዕላማታት፡ መርመራ ዘጋጠሙ ሓደጋታት፡ ፍልጠትን ክእለትን ዝተሓወሰ፡ ግቡእ ግዜኡን ቦታኡን ዝሓለወ ዝተተልመ ወጽኢትን ውሳኔን ንምርካብ ዝዓለመን ኮይኑ ክካየድ ከሎ፡ ኣድማዕነቱን ወጽኢቱን ዘርብ የብሉን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብመንጽር ዘለና ገምጋም ስራሕ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዙሕ ተሞክሮን ጻዕርን ዝሓትት ስራሕ ከምዝተረፈና ብሩህ ጉዳይ ኮይኑ ኣሎ። ብሓፈሻ ኣብ ክውንነት ስራሕ፡ ወጽኢታውያን መርምራ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ተኻይደዎም ኣለዉ ንምባል ዘደፍሩ ኣይኮኑን። ስለዚ ዝ. ኣጋጢሙ ዘሎ ሃጓፍ ንምምላእ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዕቱብን ሓያልን ስራሕ ኣብ ምክያድ ይርከብ።

ንኣብነት ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ሓደ ትካል ዘጋጠመ ሓደጋ ንርአ፡ ሓደ ሰራሕተኛ፡ ንእሽቶ ናይ ጽገና ምትዕርራይን ስራሕ ከተግብር ኣስካላ ኣድለዮ። ኣብ'ቲ ትካል ከኣ ብዘይካ ንሱ ዳርጋ ኩሎም ሰራሕተኛታት ዝጥቀሙላ፡ መዳያይቦ ወይ መሳግሪ ዝኮደላ ኣስካላ ነይራ። ብዛዕባ ዘለዋ ጉድለት ብዙሕ ክዛረቡላ ሰሚዖም ስለዘይፈልጥ ድማ ንሱ'ውን ኒታ ዝሓሰበ ስራሕ ከካይድ፡ ብዘይ ዝኾነ ጥርጣሬ ኒታ ኣስካላ ክግልገላ ወሰነ። መጀመርያ እቲ ሰራሕተኛ ክድይብ ከሎ፡ እታ ጉደሎ መደያይቦ ስለዘርኣያ፡ ብዙሕ ኣይተጸገመን። ስራሑ ወዲኡ ክወርድ ከሎ ግን፡ እታ ጉድለት ስለዘረሰዓ ኣብ መሬት ወደቐ። ከምሳዕቤኑ ከቢድ ዝኾነ ኣካላዊ ስንክልና ኣጋጠሞ። ስለዚ ኣብ'ዚ ዘጋጠመ ፍጻሜ ሓደጋ ዝተረኽቡ ረቛሒታት ብዝርዝር ክንርእዮም እንተፈቲና፡ ድሕሪ ስራሕ ምውዳእ፡ መደያይቦ ዝኮደላ ኣስካላ ከምዝተጠቕመ ምርኣይ፡ እቲ ግዳይ ዝኾነ ሰራሕተኛ ስለምንታይ ጉድለት ዘለዋ ኣስካላ ክጥቀም ወሰነ፡ ከም ኡ'ውን እቲ ትካል ወይ ኣሰራሒ ንምንታይ ጥዑይን ውሑስን ኣስካላ ክቐርብ ዘይከኣለ፡ ከም ቀንዲ ክጥቀሱ ዝኽእሉ ኣየሞ።

ስለዚ ኣብ መወዳእታ፡ ነቲ ዘጋጠመ ሓደጋ መጠነ. ዝኾኑ ምኽንያታትን ረቛሒታትን ብዝርዝር መግለጺታት ምስተዋህቦ፡ ጠንቂ ሓደጋ ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት ብጌጋ ብምልላይ ኣራሚ ስጉምቲታት ክውሰድ ኣለዎ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ እምብኣር ጉድለት ዘለዋ ኣስካላ ኣብቲ ትካል ምህላዋ፡ እቲ ቀንድን ወሳንን ጠንቂ ሓደጋ ኢዩ። እዛ ዝተጠቕሰት ኣስካላ እንተዘይትህሉ፡ እዚ ኩሉ ዘጋጠመ ሓደጋን ዘውረዶ ሳዕቤንን ኣይምተኸስተን። ካብዚ ዘጋጠመት ሓደጋ መሰረት ብምግባር፡ ዝኾነ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ፡ ጠንቁ ኣለሊኻ ክትፍወሶ ምፍታን፡ እቲ ዝዓበየ፡ ቀንዲን መሰረታውን ተግባር እዩ።

ብንያም ኣሕፈርም

ጨንፈር ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ





### ለሚ ኣብ ERI-TV1

ለሚ ዓድ ኣልፊጥር እዩ፡ በዚ ኣጋጣሚ ኣገልግሎት ተለቪዥን ኤርትራ፡ ንኩሉኹም ርሑስ በዓል ክኾነልኩም እናተመነየ፡ ናይ'ዚ ዕለት እዚ መደባትና ካብ ሰዓት 07:30 ንግሆ - ብቐጥታ ብዘፍና ወግዓዊ ስነስርዓት በዓል ዓድ ጀሚሩ፡ ብፍሉይ ዝ. ኣጋጣሚ ብዝንጸባርቕ ዝተፈላለየ ትሕዝቶ ክሳ ምሸት ይሕብር።




# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣዕሩኽተይ ዘብሎም

*24 ግንቦት 2023*

ረቡዕ፡ 9፡00 ድ.ቐ.



ገሪምኪ ዶ? ኣይትገረሚ፣ ግን ከኣ ተገረሚ። በየነ ሃይለ ኣብ ትጽቢት ባህጉ መጽሓፉ እንታይ ኢሉ ጽሒፉ ይመስለኪ? ዶንጉየኪዶ? ነቲ ኣብ ቅድሚት ዘሎ ናይዛ መጽሓፍ ተምሳጠይ ክጽሕፈልኪ እንከለኹ ቍንጭል ኣቢለ ዘስፈርክዋ እየ ክደሊ ጸኒሐ። ትጽቢት ባህጉ ከንብባ እንከለኹ፡ ልክዕ ከምዚ መዝገበ-ቓላት ገንጺለ ዝመራመር ኰይኑ ስለ ዝስመዓኒ፡ ነፍሲወከፍ ዘንበብኩዋ ሓሳብ ምሳኺ ኰይነ ንኽስተማቕሮ ጆባእ ዝብለኪ። ማለተይ ነቲ ብምንባብ ጥራይ ዘይተረደኣኒ ኣበሃህላ፡ ምቁራትን ረዘንትን ሓሳባት ኣባኺ ኣስፍሮ። "ወዲ-ሰብ ምግራም እንድሕር ኣጥፊኡስ ኣኺሉዎ እየ ዝብል፣ ካን ኣኺሉዎ መቓብር ኢዩ ዝጽበዮ፡" ክብል'ዩ ፈሊምዋ ንትጽቢት ባህጉ። ኣነ'ውን ከምዚ ዝበለ ናይ ምጽሓፍ ስምዒታተይ፡ ሓሳባተይ፡ ባህገይ፡ ቍጠዐይ ኰታ ንዘስመዓኒ ከም ሎሚ ገይረ ኣይጸሓፍኩን። ምኽንያቱ ብዙሕ ገጻት ናይ ህይወት መገዲ ከስተማቕር ብምኽኣለይ።

ሎሚ ከዕልለኪ ዝደረኸኒ ካብቲ ዘቐነኹዎ ዓንኬል ስምዒታት ብዙሕ ዝሃጽጽ ኣይኰነን። ዝያዳ ናይቶም ኣዕሩኽተይን ፈለጥተይ ዝብሎም ዝነበርኩ'ዩ። ሕጂ ናበየናይ ናይ ምሕዝነት ምድብ ከም ዝምድቦም ኣይፈልጥን፣ ግን ኣዕሩኽተይን ፈለጥተይን ከም ዘይኰኑ ጥራይ'የ ክርዳእ ክኢለ። ኣብዛ ሓላፊት ግዜ፡ እቶም ኣዕሩኽተይ ዝብሎም ኣሕዋት ኰይኖም ዝጸንሑኒ፣ እቶም ኣዕሩኽተይ ዝብሎም ጓና ኰይኖም ጸኒሖምኒ እዮም። እቶም ፈለጥጠይ ዝብሎም'ውን ዘይተላለኹዎም ሰባት ኰይኖም ጸኒሖምኒ። ጸለውቲ ዝብሎም ዓበይቲ ሰባት ኣብዛ ጉዳየይ እቲ ካልእ ሕቡእ ስምዒታቶም ምስ ረኣኹ ገሪምኒ። ንነገራት ኣብ ክንዲ ብጭጠ ሒዝካ ትመራመረሎምን እትኣምነሎምን በቲ ንዓኻ ዝኹነ ስምዒት ዘይሃበካ፡ ምቾት ዘይፈጠረልካ ርድኢት ንኻልእ ጌጋ ስእሊ ትፈጥር። ግድን ኣይኰነን ከምቲ ዝኹነ ሰብ ዝሓሳቦ ኣነ ክሓስብ፣ ግድን ከኣ ኣይኰነን ከምቲ ኣነ ዝሓሰቦ ሰባት ክሓስቡ። እዚ ውድዓዊ ክልተ ጫፋት ኣብ ሓደ ክመጽእ ግን ይኽእል'ዩ። ከምቶም ለባማት ዝብሎም ውሑዳት ዘጋጠሙኒ ማለት'ዩ። ሓሳብካ ትገልጽ፡ ሓሳብካ ይሰምዑኻ፡ ሓሳቦም ኸኣ ትሰምዕ። ኣብዚ ዋላ ኣይትሰማማዕ ግን ነቲ ዘሎ ተቐቢልካ ነቲ ዘሎ ፍልልይካ ተሕጽር። እዚ'ዩ ናይቶም ዓበይቲ ሰባት።

ኣዕሩኽተይ፡ ብዘይካ ብድሕረይ ብዛዕባይ ከዕልሉ ኣብ ዝሃለኹሉ ኣይዛረቡን። ከምዚ ኣብ ዓቢ ጋህሲ ፍርቂ ኣካለይ ብሓመድ ዝተደፈንኩ ንኸውጽኡኒ ይማኸሩ። ይማኸሩ'ኳ ኣጸባቢቐሎም፣ ዳርጋ ይሓምዩኒ'ዮም። ኣብ ገለ እዋን፡ ሓሳቦም ክሰምዕ ባዕለይ ነቲ ጉዳየይ ኣበግሰሎም'የ፣ ግን ከኣ ዝሰዕቦ የለን። ኣነ ኣብ ዘየለኹሉ ግን ብመደረ ይብገሱ። እንታይ'ዩ ክብል ደልየ ዳየረይ፡ እቲ ንዓይ ዝምልከተኒ ብዘይካ ኣነ ዝምልሶ የለን። ሓሳበይ እንድሕር ዘይተቐበልዎ ናባይ መጺኦም ይሓቱኒ። ብዛዕባ ኣካይዳይ ሕቶ እንተ ሃልዩዎም ምሳይ ኰይኖም ነቲ ዝረኣዩዎ የርእዩኒ። ኣነ ጽቡቕ ዘለኹ ዝመስለኒ እዋናት እንተ ነይሩ ብቕንዕና ቀሪቡ ሓሳብካ ዝካፈል ትደሊ። ሎሚ ብኻልእ ጉዳይ ካብቶም ዓበይቲ ሰባት ዝብሎ ሓደ ረኺበዮ ነይረ። ዘራኸበና ምስ ወዳእና፡ እቲ ብድሕረይ ዝብሎ ብነጻ ሓሳቡ ክህብ ብዘይ ተረደአ መድረኽ ከፊተሉ። ሓሳቡ ኸኣ ኣካፊሉ። ኣነ ኸኣ ኣብቲ ጉዳይ ዘለኒ ኣተሓሕዛን ኣረዳድኣን ደስ እናበለኒ ገሊጸሉ።

"ስለምንታይ ግን ከምዚ ኢልካኒ ዘይትፈልጥ?" በልኩዎ።

"ግደ ሓቂ ተሰኪፈካ። እቲ ዝሓሰቦ ምስቲ ሓሳብካ እንተ ዘይተሳንዩስ እዛ ፍቕርና ከይትጠፍእ ኢለ'የ፡" በለኒ። ኣብዛ ሰዓት ግን ብኽፉት ሓሳቡ ምስ ዝገልጸለይ ዝያዳ ክጠቕመኒ ተኽእሎታት ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ዳየረይ፡ ኣብዛ ህሞት ዝተመሃርኩዎ እንተ ሃልዩ ካልእ ዘይምምሳል'ዩ። ነቲ ክብሎ ዝደለኹ ብቕንዕና ናብቲ ብዓል ጉዳይ ከይደ ሓሳቡ ክሰምዕን ሓሳበይ ክህብን'ምበር ክፈርድ ከም ዘይግበኣኒ'ዩ።

መኣዝን ተ.

## ካብ ዳየሪ ሓደ ወተሃደር...

### ሰለስተ መሳኪን ማይ-ደርሆ

ለካቲት 1917



ኣብ ፓስቸንዴል ዓሪድና ውዒልና። ኣብዛ ቦታ ኮፍ ኢልና ንኽንበልዕን ክንሰትን ኣይኮነን።

ዳርጋ ምሉእ ነብስና ክውሕጥ ዝኽእል ማይ ኣብ ዝነበሮ ፋኛቱራ ዝመስል መትረብ ተኣሊኽና ንጸንሓላ ከውሊ ረኺብና። መዳፍዕ ከም ማይ ነሓሰ ብዘይ ዕረፍቲ ክቕጥቅጠና ቀንዩ። ካብቶም ብሓደ ኣብ ሓንቲ ጋንታ ዝወፈርና 23 ሰባት ሸውዓተ ኢና ተሪፍና።

እዚ ከባቢ ብሃውሪ ክድብደብ ጀሚሩ። ብዘይ ዓላማ (ታርጌት) ክድርበ እንከሎ፡ ካብ ዝኹነ ምንቅስቓስ ንምዕንቃጽ ምንባሩ ፍሉጥ'ዩ። ከምኡ እናበለ በብሓደ ከይለቕመና፡ ሰለስቴና ናብቲ ማይ ዘሊልና ኣቲና። ጽሩይ ድዩ ረሳሕ፣ ዓሚቕ ድዩ ቀረባ ዘይትዝክሮ ሕቶታት እዩ። ንዘይትርእዮ ቦምባ ካብ እናኣስሓትካ ክትጸንሕ ክትሓስብ፡ ኣብዛ ማይ ዕድልካ ምርኣይ ትበልጽ። እቲ ሰኰጆታት ከኣ ኣሰርና ሰዒቡ፣ ኣብ መሬት ተፈንጂሩ ኣብቲ ማይ "ጥሽ" እናበለ ተጸንበረና። ዝሓሸ ከውሊ ክንረክብ ምሉእ ነብስና ኣብቲ ማይ ኣጥሊቕና ቍሊሕሊሕ በልና። ኵልና ኣራእስና ምስ ኣቓልቀልና፡ "ኣንታ! በዚ ጭልፍላፍ ነዚ ማይ ኣርሲነን ከይጥዋቓና፡" በልኩዎም፣ ዋዛ'ዩ ነይሩ።

ጥቓና ዝዓልብ ሰኰጆ ምስ በዝሐ ርእስና ኣጥሊቕና ኣስቀጥና። ርግእ ምስ በለ፡ ርእስና ኣቓልቀልናያ። ካብ ምብራቕ እንግሊዝ ዝመጽአ በርት ናርቶን፡ "ዘይነጥቅዕ! ኣብ ሸኻ የደ ዘንሳፍፉ ዘለዋ ማይ-ደርሆ'ኮ መሲልና፡" በለና። ነዊሕ ስሒቕና! ስሓቕ ክሳብ ኵልና ንውዳእ መካይድትና እዩ።

ሰኰጆ ኣብቲ ማይ ሙዚቃ ክጻወት ምስ ጀመረ፡ "ብሊመይ!" በለኒ ናርቶን።

"ማይ-ደርሆ ኴንካ ህይወትካ ምቕጻል ነውሪ ክኸውን የብሉን ሓቀይ?" በለኒ ስሓቕ እናኣሰነየ። ኣይመለስኩሉን፣ ዓሳ ከም ዝረኣየት ማይ-ደርሆ ቀልጢፈ ርእሰይ ኣጥሊቐ።

## ብብኽያተይ ዘይተሓጸበ ቃንዛይ

*23 ለካቲት 2022*

ምሉእ መዓልቲ ክዳን ክሓጽብ ውዒለ። ኣብ መንጎ የቃርጾ ስለ ዝነበርኩ ክውድኦ ግዜ ወሲደ'የ። ከምቲ ዝወዓልኩዎ ከዕርፍ ምተገበኣኒ። ሕቜይ'ውን ቃንዛ ይስመዓኒ ኣሎ። ዕረፍቲ የድልየኒ'ዩ። ኣእምሮይ ግን ይርበሽ ኣለኹ፣ ዕረፍቲ ከሊኡኒ። ሓሳባት በዚሑኒ'ዩ መስለኒ እጭነቕ ኣለኹ። እሞ ኸኣ ጭንቀት ዝብሉዎ'ኳ ኣይፈቱን'የ። ብኸዩ-ብኸዩ ዝብል ስምዒት ይወረኒ ኣሎ።

ሓንሳብ እንተ ዝበኪ ምሓሸኒ ይኸውን'ዩ። ዘንድደኒ ዘሎ ሕርቃን ምተቓለለይ ይኸውን'ዩ፣ ግን ኣይከኣልኩን። ኣብ ገዛ ሓፍተይን ማሓዛኣን ኣለዋ። ክስዕረኒ ዝደልየ ንብዓት ክገትኦ ፈቲነ። ኣዒንተይ ግን ኣይሓገዛንን፡ እተን ቋጺረየን ዝጸናሕኩ ንብዓት ወረር... ኢለን ወረዳ። ብእኡ ኣይተጋደፈንን። ብውሽጠይ እህህታ ስለ ዝጸንሓኒ መሊሰ ዘርባዕባዕ በልኩ። እስትንፋስ ዝጥዕም ዝነበረ ድምጸይ፡ ብኽያት ተቐይሩ። እተን ኣብ ገዛ ዝነበራ ሓብተይን ማሓዛኣን እንታይ ክብላኒ'የን ኢለ ኣይሓሰብኩን። ኣብ ዝባነይ ዝጸንሐ ሻርባ ንገጸይ ሸፊነ ብዙሕ ነባዕኩ። በኽየ-በኽየ ካብቲ ዝነበረኒ ረበሻ ቍሩብ ኣቃሊለ'ምበር ኣይወጽኣለይን።

ካብቲ ዝነብርኩዎ ሴድያ ተንሲአ ብዘይ ዘረባ ከይተደረርኩ መደቀስየይ ሒዘ። ሓደ-ሓደ ግዜ እንተ ሓሪቐ ብንብዓት ጥራይ'የ ዘውጽኦ ነይረ። ሕጂ ግን ከም ኣመል ካብ ዝሕዞ ነዊሕ ኰይኑ ኣሎ። መብራህቲ ምስ ጠፍኣት ኣዒንቲ ውሪሕሪሕ በላ። ድቃስ ኣብዩኒ፡ ልዕሊ ሰዓትን ፈረቓን ኣዕለቢጠ። መብራህቲ ወሊዐ ኣብ ዓራት ተኾደምኩ። እዘን ሓሙሽተ ሰሙናት ከዕለብጥን ክበክን፡ ኣብ ምውጋሑ - 5፡46 - እናደቀስኩ'የ ኣሕሊፈየን። ከምኡ ከይከውን ፈሪሀ ኣለኹ። ምኽንያቱ እታ ትሰዕብ መዓልቲ ርእሰይ ብቓንዛ ክፍለጽ ስለ ዝውዕል። ሕጂስ ኣዒንተይ ቀጭ-ቀጭ የብለኒ ኣሎ፣ ናይቲ ዝነባዕኩዎ ግዲ ኰይኑ። ንድቃስ እንተ ገበረለይ ክፍትን። ድሓን ሕደሪ ዳየረይ!

ሻደይ - ኣስመራ



## መጽሓፍ.... ...ምስ ኣንቢብኩ

*22 መስከረም 2011*

ኣብዛ ዘንብባ ዘለኹ መጽሓፍ ዘየለ የለን። ኵሉ ኣብኣ ዘሎ፤ ዝኸሰካ፡ ዘተንስኣካ፡ ህይወትካ ዘረስዓካ... እዩ። ኣብዛ ዝበጻሕክዋ ገጽ ዘመሰጠኒ፡ ንእሽተይ ቍንጭል ኣቢለ ከዕልለኪ።

ሲድሃርታ፡ ንካማላ እትበሃል ጕርዞ ዓርካ ክኸውን እንተ ኹይኑ ሃብታም ክኸውን ነይሩዎ። ከምቲ ዝኽደኖ ናይ ፈለስቲ ክዳን ዘይኰነ፡ ዝበለጸ ክዳንን ጫማን፡ ከምኡ'ውን ብዙሕ ገንዘብ መድለዩ። ናብ ካማላ ምስ ኣተወ፡ ከምዚ ተበሃሃሉ።

ሲድሃርታ፡ "ፍትውቲ ካማላ ነዞም ዝኣዘዝክኒ ሰለስተ ነገራት ብዝቐልጠፈ ኣበይ ከይደ ክርኽቦም እኽእል?"

ካማላ፡ "ብዙሕ ሰብ'ዩ ኣነ ክነግሮ ዝደሊ። እቲ ዝተማህርካዮን ትፈልጦን ጌርካ ገንዘብ፡ ክዳንን ጫማን ኣምጽእ። እንተ ዘይኰይኑ ድኻ ሰብ ገንዘብ ከምጽእ ኣይክእልን እዩ።"


ሲድሃርታ፡ "ክሓስብ፡ ክጽበን ክጸውምን እኽእል'የ።"

ካማላ፡ "ካልእከ የብልካን?"

ሲድሃርታ፡ "ዋላ ሓደ! ...እወ'ባ፡ ግጥሚ ኸኣ ክገጥም እኽእል እየ። ንሓንቲ ግጥሚዶ ብምስዓም ትቕይርኒ?"

ግጥሚ ገጢምላ። ነቲ ናይ ዓለም ነገር ዘይዓጅቦ ዝነበረ - "ሳማና"፡ ኣብ ገደና ጽብቕቲ ዕምባባ - ካማላ - ረኣያ። ምእንታኣ ዝከኣሎ መስዋእቲ እንተ ኸፈለ ሓላል ቁጸሮ። ልክዕ ንኣማልኽቱ መስዋእቲ ከም ምቕራብ ከም ዝቑጸሮ ትገልጽ ነበረት።

ካማላ፡ "ግጥምኻ ባህታ




ዝህብ'ዩ - ኣታ 'ሳማና'። እንተ ሰዓምኩኻ'ውን ዝኸስሮ ነገር የለን።"

ሰዓመቶ ድማ። ካብተን ለባማት ቀያሕቲ ከናፍራ ብዙሕ ተማህረ። እተን ልሙጻት ሸታሕትሓ ኣእዳዋ'ውን ብዙሕ መሃርኦ። ወዲ'ዩ። ንፍቕርን ዕግበቱን ፈለማ'ዩ ነይሩ። ሓጐስን ዕጋበትን ከይሃብካ ከም ዘይርከብ ካብ ካማላ ተማህረ።

# ርሑስ ዒድ ኣልፈጥር ኣል ሙባረክ - ብሩኽ ጾመ-ኣርበዓ!









ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣብርሃም በየነ
ኣቤል በረኸት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Construction Supervisor**

   **Department: Process Plant**

   **Number required: One (01)**

### Primary Purpose

- Supervise mainly the Lime Plant Construction project at the same in a 'hands on' role with several both skilled and semi skilled national artisans to construct new buildings (Steel Structures, Electrical, Civil Works, Pipelines and Excavations) whilist using equipment and personal available on the Mine.
- Perform regular Safety Inspections, following a scheduled work plan, reporting back on work progress and ensure costs are within the budget. In addition, position is responsible to identify and order relevant parts and materials required for construction, following site procurement procedures. The position will include overall civil, structural, electrical and mechanical construction responsibilities ensuring all works carried out are done in a safe manner, in compliance to site HSEC regulations.

### ESSENTIAL FUNCTIONS

- oversee the construction of projects and monitor activities at worksites. They manage crews, ensure health and safety codes are observed, and that work is completed to schedule.
- Ability to manage contractor performance to ensure projects works are delivered to specification and agreed constraints.
- Monitors the section budget by reviewing past expenditures, determining future needs, and making determinations regarding the necessary resources to accomplish departmental goals.
- Maintains a safe, secure, and healthy work environment by following guidelines, standards, and procedures.
- Orders materials and equipment and takes care of the necessary permits.
- Assesses safety and finance goals. Manages sub-contractors by locating, evaluating, and selecting contractors. Meets operational standards by contributing construction information to strategic plans and reviews
- Meets construction budget by monitoring project expenditures. Accomplishes construction project results by defining project purpose and scope. Approves construction projects by conducting inspections at critical phases.
- Problem-solving: Identify and resolve technical issues and problems that arise during the project.

### TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Planning
- Implementation of the Plan
- Writing Reports & Data Control
- Supervise/Manage team

### UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION

- Candidate must be physically medically fit.
- Construction Management, Problem solving, Construction Strategy and Methodology from Experience, Manage Time, People, Materials, Coordination and Execution.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| •Degree or Diploma in Civil engineering/ Building Construction or equivalent engineering discipline or<br>•Has 10 years of managing construction experience.<br>•Has the construction experience in Civils, Structural, Piping, Mechanical and oversee Electrical Installations<br>•Proven ability to manage multiple projects simultaneously within budget and timeline constraints. | •Minimum of (10) years' experience in Construction management in Mining industry in a similar capacity. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| •Computer Literacy (MS Office – Intermediate), Mechanical and Maintenance experience, Attention to detail, Analytical skill, Problem solving skill, Supervisory Experience, MS Project Skills, Strong understanding of construction methods and materials | • Excellent Communication (English), Assertiveness, Interpersonal Relations, Integrity, Prioritizing skills & multi-skilling, Ability to work towards strict deadlines, High level of Accuracy, Self-motivation, Dedication to safety, Time Management, Leadership |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ከረን - ውድድር ብሽኽለታ ጀሚሩ

ኣብ ከተማ ከረን፡ ብምኽንያት 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት፡ ውድድር ቅድድም ብሽኽለታ ዝሓለፈ ሰንበት ጀሚሩ።

ኣብቲ ፈላሚ ውድድር፡ ሰለስተ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሓንቲ ከኣ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ምድብት/ካተጎሪ ነይረን። በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ - መዘዝት ኪዳናይ ንመወዳድርታ ዘርያ ደራብ ብምውጻእ ዕውትቲ ኮይና።

ኣብ ምድብ ሐ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ ፍርቂ ውድድር ተሰሪዓ ዝበረት ቅጽቡታዊ ውድድር፡ ላምዛ ኣቢኣር ጋንታ ሬድ ሰ፤ ሩኒ ሙሴ ብውልቁ፡ መትከል ደብሳይ - ሬድ ሲ ተዓዊቶም። ኣብ መዛዘሚ ድማ፡ ላምዛር ኬብሮን ሚካኤል - ሬድ ሰ፤ ሩኒ፡ ፍሊጶስ ገብረመስቀልን ሰራጅ ሱልጣንን - ሬድ ሰ፤ ናትናኤል ደብሳይ ብውልቂ ተመራሪሖም



ክሱብ ሻዱሻይ ኣትዮም። እዞም ተቐዳደምቲ 45 ኪሎ-ሜተር እዮም ሸፊኖም።

ናይ ምድብ 'ለ' ተቐዳደምቲ 60 ኪሎ-ሜተር ክሸፍኑ እንከለዉ፡ ነታ ኣብ ፍርቂ ውድድር ዝተኻየደት ቅጽቡታዊ ውድድር - ዳን ፍቓዱ - ሻለኩ፡ ንህያብ ኣማኑኤል - ሬድ ሰ፤ ሬድዋን ዳሊ - ሻለኩ ኣኸቲሉ ተዓዊቲሉ። ኣብ መዛዘሚ ከኣ፡ ዳን፡ ሻም ክብሮም፡ መርሃዊ ሓጎስ፡ ኢሰም ዳዊትን ህያብ ኣማኑኤል ካብ ሬድ ሰ፤ ያፊት መሓረዝጊ - ሻለኩ ክሱብ ሻዱሻይ ተሰሪዖም።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ምድብ ሀ ተቐዳደምቲ፡ 80 ኪሎ-ሜተር ሸፊኖም። ኢሳያስ ማህደረ፡ ዳኒኤል በርሀ ርቢል ዘርኣማርያምን ካብ ጋንታ መጉዓዝያ ከኣ፡ ነታ ኣብ ፍርቂ ውድድር ተሰሪዓ ዝበረት ቅጽቡታዊ ውድድር ተዓዊቶምላ። ተቐዳደምቲ እዛ ጋንታ፡ ሳይሞን ግደ፡ ርቢልን ኢሳያስን ክሱብ ሳልሳይ፡ ፈንቅል ተዓገስ - ሬድ ሲ ከኣ ራብዓይ ብምኳን መዛዘሚ ሕንጻጽ ረጊጾም።

## ኣሞሪምን ሊቨርፑልን ተሰማሚዖም

ኣሰልጣኒ ስፖርቲንግ ሊዝቦን ሩበን ኣሞሪም፡ ምስታ ልዑል ተጉዳስነት ገይራትሉ ዘላ እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል፡ ኣፈናዊ ስምምዕ ምግባሩ ተገሊጹ።




ብመሰረት ጋዜጣ ስካይ-ስፖርት፡ ወዲ 39 ዓመት ኣሞሪም ናይ ሰለስት ዓመታት ውዕል ንምፍራም እዩ - ምስዛ ጋንታ ኣፈናዊ ስምምዕ ገይሩ ዘሎ። ክልቲኦም ወገናት፡ ነዚ ስምምዕ ናይ መወዳእታ መልክዑ ንምትሓዝ ኣብ ዝርርብ ይርከቡ። ስምምዖም ወግዓዊ ምስ ኮነ፡ ኣሞሪም ኣብ ክራማት ካብ ፖርቱጋል ናብ እንግሊዝ ክግዕዝ እዩ።

ዓላሚ ሊቨርፑል ዘሎ የርገን ክሎፕ፡ ምስ ምዝዛም እዛ ወቕቲ መዝሙኡ ከምዝሓድግ ምፍላጡ ይዝከር። በዚ ከኣ፡ እዛ ጋንታ መንበር ምዕላም ዝቐበል ኣሰልጣኒ ሃሰው ትብለሉ ኣብ ዘላ እዋን፡ ፈለማ ኣብ ናይ ቅድም ተጻዋታያ ዣቢ ኣሎንሶ ተጉዳስነት ኣርእያ ነይራ። እቲ ኣብዚ እዋን ንባየር ለቨርኩሰን ዝዕልም ዘሎ ኣሰጻናዊ ግና፡ ኣብ ጋንታኡ ክጸንሕ ከምዝኾነ ምስ ኣፍለጠ፡ ምሉእ ኣተኩሮኣ ናብ ኣሞሪም ገይራ ክትሰርሕ ጸኒሓ።

ኣሞሪም፡ ኣብ መጋቢት 2020 እዩ ንዝተባረረ ኣሰልጣኒ ተኪኡ (ዳርጋ ኣብ ምዝዛም ወቕቲ ስፖርት 2019-20 ነይሩ) መዘውር ስፖርቲንግ ተቐቢሉ። ኣብታ ወቕቲ ራብዓይቲ ኮይና ክትዛዝም ድሕሪ ምሕጋዙ፡ ኣብ ዝሰዓበት ዓመት ናይ ሊግ ዋንጫ ኣዕቲርዋ - ድሕሪ 19 ዓመታት ንፈለማ ግዜ። ሎሚ ዓመት ከኣ፡ መራሕነት ሊግ ፖርቱጋል ኣጨቢጥዋ ይርከብ።

## ቅንጥብጣብ

* ናይ ቅድም ዓላሚ ፒኤስጂ ሉዊስ ፈርናንደዝ ከይላን ምባፔ - ንሪያል ማድሪድ ሂጊጉ ኣብ'ዛ ጋንታ ክጸንሕ ከምዝኽእል እምነቱ ገሊጹ፣ እታ ጋንታ ንናይ ሎሚ ዓመት ሻምፕዮንስ ሊግ እንተደኣ ተዓዊታትሉ።

ካብ 1994 ክሳብ 1996 ንፒኤስጂ ዝዓለመ ፈርናንደዝ ብዘይካ'ዚ፡ እታ ጋንታ ብዘይ መሲን ኔይማርን ዚያዳ ዝበለጸት ምኳና እውን ይዛረብ እዩ። ፒኤስጂ፡ ሎሚ ኣብ ጸወታ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣንጻር ባርሴሎና ክትጻወት እያ።

ምባፔ፡ ክሳብ ወርሒ ሰነ ዝኣስሮ ውዕል ምስ ወድኣ - ሓዳሽ ውዕል ከምዝይፍርምን ክወጽእ ምኳኑን ኣፍሊጡ እዩ። ሪያል ማድሪድ ከኣ ናይ መጻኢ ጋንታኡ ክትከውን ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ።

* ጋብሪኤል ጀሰስ፡ "ኩሉ ሰብ ብቐዓት ሃሪ ኬን ይፈልጦ እዩ። ንዓይ እውን ኣብ ዓለም እቲ ዝበለጸ ወዲኢ. (ንሹቶ እዩ) ንሱ እዩ፡" ክብል ኣድኒቕዎ።

* ሰዑዳዊት ክለብ ኣል-ኢቲሓድ፡ ንሞ ሳላሕ ንምፍራም ናይ 70 ሚልዮን ፓውንድ ሕቶ ከተቕርብ ተዳልያ ኣላ - ብመሰረት ጋዜጣ ቶክስፖርት።

ምስ ሊቨርፑል ዘለዎ ውዕል ኣብ ሰነ 2025 ዝበቅዕ ሳላሕ፡ ኣብ ራዳር ሃብታማት ክለባት ሰዑዲ-ዓረብ ካብ ዝኣቱ ነዊሕ ገይሩ ኣሎ።

## ሮናልዶ፡ ንኽልተ ግጥማት . . .

ኣጥቃዓይ ኣል-ነስር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ሰኑይ ምሸት ድሕሪ ዘርኣዮ ዘይስፖርታዊ ተግባር፡ መቕጻዕቲ ከወርዶ ከምዝኽእል ተገሊጹ።

ኣል-ነስር፡ ኣብታ ምሸት ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሱፐር ካፕ ሰዑዲያ፡ ኣንጻር ቀንዲ መቐናቕንታ ኣል-ሂላል እያ ተጻዊታ። 2-1 ምስ ተመርሐት ሕርቃኑ ክቆጻጸር ዘይከኣለ ሮናልዶ፡ ኣብ መበል 86 ደቒቕ ብኹርናዕ ኢዱ ነቲ ዝከላኸሎ ዝበረ ተጻዋታይ ኣል-ሂላል ብምህራሙ፡ ብቐይሕ ካርድ ተባሪሩ። ጸኒሑ እውን ናብ'ቲ ቀይሕ ካርድ ዝሃቦ ማእከላይ ዳኛ - ኢዱ ሓፍ ከብል ኣብ ዓይኒ ካሜራ ኣትዩ።

ብመሰረት ኣል-ሪያዳ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ እታ ሃገር፡ ሮናልዶ ንኽልተ ግጥማት ክቕጻዕ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ሰሪ ዘርኣዮ ዘይስፖርታዊ ባህሪ 20 ሽሕ ሪያል ክኸፍል ምኳኑ ተፈኒዙሉ። ሮናልዶ፡ ኣብቲ ኣዝዩ ዕዉት ናይ ጸወታ ግዜኡ - ንመበል 12 እዋን እዩ ብቐይሕ ካርድ ዝበረረ ዘሎ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብልቓሕ ምስ ባርሴሎና ዝጻወት ዘሎ ጃኦ ፈሊክስ፡ "ሮናልዶ ንኹሉ ፖርቱጋላዊ ብመዓይ ከነዕሶ እግሪ ሂወትን ኣብነትን እዩ። ንሕና ንዓኡ ብምሓዝናን ክሳብ ሕጂ ይጻወት ብምህላዉን ኣዝና ዕድለኛታት ኢና፡" ክብል ወዲሰዎ። ሮናልዶ ንምልዮናት ሰባት ዓቢ ኣብነትን ኣርኣያን ምኳኑ ይግለጽ።




## ቪዲች፡ ንማይኖ ምስ ሞድሪች ኣወዳዲርዎ

ነጊሪያ ቪዲች፡ ንኣኽፈላሊ ማን ዩናይትድ ካቢ ማይኖ፡ ምስ ጉዳምን ብለጽን ኣኽፈላሊ ሪያል ማድሪድ ሉካ ሞድሪች ኣወዳዲርዎ።

ወዲ 18 ዓመት ማይኖ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ልዕሊ ሊቨርፑል ብልጽቲ ሸቶ ምምዝጋቡ ይዝከር፣ ቀዳመይቲ ፕሮፈሽናል ሸቶኡ ድማ እያ። እዚ ደሮ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ፋልመይቲ ጸወታ ንሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዘካየደ ትሰፉው ኣኽፈላሊ፡ ኣቓዲሙ ብበዙሓት ተንተንቲ ተናኢዱ እዩ።

ቪዲች እምበኣር፡ ብብቕዓት እዚ ፍርያት ኣካዳሚ ዩናይትድ ዝኾነ ኮተቴ ከምዝተማሰጠ ብምግላጽ እዩ ክውድሶ ተሰሚዑ። "ማይኖ፡ ዘርም ተጻዋታይ እዩ፡ ብፍላይ ኣብ ሜዳ ዘለዎ ንቕሓት። ገለ እዋን ንሞድሪች እዩ ዘዘኻኽረኒ" ዝበለ እዚ ብሉጽ ናይ ቅድም ተኸላኻሊ፡ "ኩሉ ግዜ ድሕሪኡ መን ከምዘሎ ይፈልጥ እዩ። ኣንጻሩ ክትጻወት ከቢድ እዩ፡" ክብል፡ ብብልሓቱ ከምእተማሰጠ ኣረዲኡ።

ኣቐዲሞም እውን፡ ዲሚትሪ በርባቶቭ ምስ ፖል ስኮለስ፡ ሪዮ ፈርዲናንድ ምስ ክላረን ሰዶርፍ ከወዳድርዎ ተሰሚዖም ነይሮም እዮም ንማይኖ።





## ኤቨርተን ተቐጺዓ

እንግሊዛዊት ክለብ ኤቨርተን፡ ሕጊ ፋይናንሳዊ ፍትሓዊ ጸወታ ጥሒሳ ተባሂላ፡ ክልተ ነጥቢ ተቐሪጹላ - ንኻልኣይ ግዜኣ ምኳኑ እዩ።

እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ሕዳር፡ ሰሪ ጥሕሰት እዚ ሕጊ፡ ብፕሪሚር ሊግ 10 ነጥቢ ተቐሪጹላ ከምዝበረ ይዝከር። ናይ ይግባይ ሕቶኣ ተሰሚዑ ግና፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሰካቲት እቲ መቕጻዕቲ ናብ ሽዱሽተ ነጥቢ ጎዲሉ። እቲ ዝተቐጽዓትሉ ዓመት ስፖርት፡ ኣብ 2021-22 ዝበቕዐ ነይሩ።

በዚ ዘይተሓለፈላ እዛ ጋንታ፡ ኣብ ዓመት ስፖርት 2022-23፡ ካብቲ ነፍሲ-ወከፍ ክለብ እቲ ሊግ ክትከስሮ ዝግመት መጠን ገንዘብ ዚያዳ - 16.6 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝኸሰረት ብምፍላጡ፡ ክልተ ነጥቢ ተቐሪጽዋ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ካብቲ ዝበረቶ መበል 15 ደረጃ ናብ 16 ወሪዳ፡ ካብ ናይ ምውራድ ሓደጋ ብኽልተ ነጥቢ ጥራይ ክብ ኢላ ትርከብ። እዛ ጋንታ፡ ይግባይ ክትብል ምኳና ኣፍሊጣ ኣላ።

ሕጊ መኽሰብን ዘላቕነትን ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ሓንቲ ክለብ ኣብ ሰለስት ዓመታት 105 ሚልዮን ፓውንድ ክትከስር የፍቅደላ እዩ። እዚ ማለት፡ ኣብ ሓደ ዓመት ስፖርት 35 ሚልዮን ፓውንድ ክትከስር ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን።

## ዩኤፋ፡ ብዝሒ ተጻወትቲ ክውሰኽ ይሓስብ

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ - ዩኤፋ፡ ምስ ኣሰልጠንቲ ሃገራውያን ጋንታታት ድሕሪ ምዝርራብ፡ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ብዝሒ ተጻወትተን ናብ 26 ክብ ክብሎ ሓሰቡ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ዩኤፋ፡ ድሕሪ'ቲ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ርክብ፡ ገለ ሓሳባት ከምዝወሰደን ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ውሳኔ ከምዝሕልፍን ኣፍሊጡ ኣሎ። ኣብቲ ናይ ምይይጥ እዋን፡ ኣብ መንጎ እቶም ኣሰልጠንቲ ዝተፈላለየ ኣጠማምታ ከምዝበረ የረድእ።

እዚ ማለት፡ ገለ ኣሰልጠንቲ፡ ብዝሒ ተጻወትቲ ክብ ክብል ድልየት ከምዘለዎም፡ ብኣንጻሩ፡ ብዝሒ ተጻወትቲ ኣብ እዋን ልምምድ ኣሸጋሪ ምኳኑን ንሃገራውያን ጋንታታት ፋይናንሳዊ ጾር ከምዝኾነን ዝገልጹ ኣሰልጠንቲ ከምዝበሩ ይሕበር።

ኣብ'ዚ እዋን ሓንቲ ሃገራዊት ጋንታ ክትሕዞም ዝፍቀዳ ብዝሒ ተጻወትቲ - 23 እዩ። ኣብ የሮ 2020 ግና፡ ብሰንኪ ጽልዋ ኮሮና ቫይረስ፡ ሰለስተ ተጻወትቲ ክውሰኻ ስለዝተፈቐደለን፡ ብዝሒ ናብ 26 ክብ ኢሉ ምንባሩ ይዝከር።

ዋንጫ ኤውሮጳ 2024፡ ኣብ ሃገረ ጀርመን እዩ ክሳላሰል - ካብ 14 ሰነ ክሳብ 14 ሓምለ።

## ሊግ ዓንሰባ ቀጺሉ

ሊግ ዞባ ዓንሰባ፡ ዝሓለፈ ቀዳምን ሰንበትን ብዝተፈላለዩ ግጥማት ምቕጻሉ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ቀዳም ኣል-ሂላል ኣንጻር ኣል-ጋሽ ተጋጢሞም። ኣል-ሂላል ከኣ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ካብ ያፊት መርሃዊ ብዝቐጸረታ እንኮ ሸቶ 1-0 ተዓዊታ። ጸወታ ዓንሰባን ኣል-ሳሕልን ግና - እቲ ብዝሒ ሸቶታት ዝተራእየ ግጥም ነይሩ። ዓንሰባ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ሰለስተ ሸቶታት ካብ ፍትሒ ሓሰቦ፡ ሓንቲ ካብ ናትናኤል ኣመዝጊባ 4-0 መራሒ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን እዛ ጋንታ፡ ብመገዲ ብስራት እስጢፋኖስን መልኣከ ብርሃንን ክልተ ሸቶታት ረኺባ ብጠፈሐ 6-0 ተዓዊታ። ፍትሒ ሓሰቦ ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ሰንበት፡ ፈለማ ኣል-ነስርን ጉዙብንዳን እዮም ተጻዊቶም። እዛ ጸወታ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ክንጽር ሓደገኛ ፈተነታት ሸቶ ዘይተመዝገበላ ጸወታ፡ ኣልነስር፡ ካብ ሮቢል ሰለሙን (ሓሸማ)፡ ዑመር እድሪስ፡ ረድኢ ወልደሚካኤልን ሮቢል ገብረመስቀልን ብዘመዝገቡዎን ሸቶታት ናይ 4-0 ገፊሕ ዓወት ሰሪዳ። ሮቢል ሰለሙን - ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ግጥም ተጻዊዑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ደንደን ኣንጻር ነታ ሸውዓተ ተጻወትቲ ጥራይ ዘሰለፈት እትዓብር 4-0 መራሒት እንከላ፡ ኣብ መበል 18 ደቒቕ ኣባል እትዓብር ተሃሪሙ ብምውጽኡ እቲ ጸወታ ተቛሪጹ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣርባዕተ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዝካተፋኦ ዘለዋ ሻምፕዮን ከተማ ከረን ብሰንበት ፈሊሙ። በዚ መሰረት፡ ከቢ. 02 ንከቢ. 06 - 2-0 ስዒራታ። ኣድያም ገብረሚካኤልን ፈቨን ስብሓቱን ነተን ሸቶታት ኣመዝጊበናኣን። ከቢ. 04 ካብ ሚካል ባሰለዓ፡ ከቢ. 05 ከኣ ብመገዲ ማርሸን ትኩእ ብዘመዝገብኦን ሸቶታት 1-1 ተፈላልየን።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ውድድር ትራክን ናይ ሜዳ ንጥፈታትን ልዕሊ ዕድመ ተዛዚሙ

ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል፡ ካብ 5 ክሳብ 7 ሚያዝያ 2024 ብናይ ትራክን ናይ ሜዳ ንጥፈታትን/ተግባራትን ውድድር፡ ብወዕወዕ ስፖርታዊ መንፈስ ከም እተዛዘመ ካብ ቤት-ጽሕፈት ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ንኹለን ንኡሳን ዞባታትን ክለባትን ዘሳተፈ ውድድር፡ ኣብ 100 ሜተር ደቂ-ኣንስትዮ ቀዳመይቲ ናእሚ የናስ ምምሕዳር ጸጸራት፡ ካልኣይቲ ፌሩዝ ዓንደም ጋሻፍሒ፡ ሳልሰይቲ ልዋም የማነ ካብ ክሉብ ኢንሹራንስ ብምኻን ክዕወታ ከለዋ፡ ምርያም ምሉጌታ፡ ሳምራ ብርሃነ፡ ሄራን ምሉእብርሃን ሰለስቲአን ካብ ምምሕዳር ጸጸራት - ካብ ራብዐይቲ ክሳብ ሻድሻይቲ ብምኻን ተዓዊተን። ኣብ 200 ሜተር፡ ቀዳመይቲ ሶልያና ጉብረሂወት ካብ ጸጸራት፡ ካልኣይቲ የሩሳሌም በየነ ካብ ኢንሹራንስ፡ ሄለን ጺጋይን ሚሪ በርሀን ካብ ኣቦሻውል - ሳልሰይትን ራብዓይትን ደረጃ ክሕዛ ከለዋ፡ ሓሙሻይቲ የሳን ምሉጌታ ካብ ኢንሹራንስ፡ ሻዱሻይቲ ከኣ ኣርካና ሰሲንያስ ካብ ፍረ-ጻዕሪ ኮይነን።

ኣብ 400 ሜተር ቀዳመይቲ ለድያ ይሳቕ - መረብ ሰቲት፡ ካልኣይትን ሳልሰይትን ሚካል ዐቑባይን ቅሳነት ፍስሃየን ካብ ኢንሹራንስ፡ ራብዓይቲ ለድያ ኣድሪስ - መረብ ሰቲት፡ ሓሙሻይቲ ሚሪ በርሀ ኣቦሻውል፡ ሻዱሻይቲ ከኣ ራሄል ቢንያም - ካብ ኢንሹራንስ ኮይነን ተዓዊተን። ኣብ 800 ሜተር ትስዓወቲ ኣትለት ሮዛ ሳህለ መረብ ሰቲት'ያ ተዓዊታ። ካልኣይቲ ፋጡማ ኣሕመድ ፍረ-ጻዕሪ፡ ሳልሰይቲ ሚካል ዐቁባይ - ኢንሹራንስ፡ ራብዐይቲ ኣሰሊ ከሰተ ፍረ-ጻዕሪ፡ ሓሙሻይቲ ከኣ ራሄል ቢንያም ካብ ኢንሹራንስ ኮይነን ውድድረን ከም ዝወደኣ ተፈሊጡ።

ኣብ 1500 ሜተር ቀዳመይቲ ሮዛ ሳለ - መረብ ሰቲት፡ ካልኣይቲ ዲያና ሸሻይ ፍረ ጻዕሪ፡ ሳልሰይቲ ማርያ ዓሊ. መረብ ሰቲት፡ ራብዓይቲ ፋጥማ ኣሕመድ ፍረ-ጻዕሪ፡



ሓሙሻይቲ ኣድያም ይሕደጎ ኢንሹራንስ፡ ሻዱሻይቲ ከኣ ቅሳነት መልኣከ መረብ ሰቲት ዕወታት ክኾና ከለዋ፡ ኣብዚ ውድድር ኣብ መንጎ ሰለስተ ክለባት ሓያል ስፖርታዊ ምትህልላኽ ክረአ ክኢሉ ነይሩ።

ኣብ ውድድር ትራክ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ 100 ሜተር ቢላል መሓመድ - ካብ ምም ጋሻፍሒ. ቀዳማይ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ናህ መሓሪን ሳሙኤል ዳንኤልን ካብ ምምሕዳር ጸጸራት፡ ራብዓይ ኢሰርም ኣብራሃም ካብ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ሓሙሻይ ዳዊት ሃብተ ካብ ጎዳይፍ፡ ሻዱሻይ ኢሰርም መሴ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ኮይኖም ተዓዊቶም። ኣብ 200 ሜተር - ቀዳማይ ቢላል መሓመድ ካብ ጋሻፍሒ፡ ካልኣይ የናታን ሃብታይ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ሳልሳይ ኢሰርም ኣብራሃም ካብ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ራብዓይ ኢሰርም ጺጋይ ፍረ-ጻዕሪ፡ ሓሙሻይ ዳዊት ሃብተ ካብ ጎዳይፍ፡ ሻዱሻይ ከኣ ኢሰርም መሴ ዕዳጋ-ሓሙስ ኮይኖም ውድድሮም ወዲኦም።

ኣብ 400 ሜተር ቀዳማይ ሴም ዘርኣይ - ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ካልኣይ ኤፍሬም ሰመረ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ሳልሳይ ኢሰርም ጺጋይ ፍረ-ጻዕሪ፡ ራብዓይ ናህም ቢንያም - ጎዳይፍ፡ ሓሙሻይ ኣማኑኤል ተስፎም - በሪኽ፡ ሻዱሻይ መሰረት ምሉጌታ ካብ ጸጸራት ክኾኑ ከለው፣ ኣብ 800 ሜተር ቀዳማይ ያፌት መሴ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ጽንዖት መብራህቱን ሄኖክ ሃብቶምን ካብ ፍረ-ጻዕሪ፡ ራብዓይን ሓሙሻይን ሴም ዘራኣይን ኣማኑኤል ተስፎምን ካብ ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ሻዱሻይ ድማ ናህም ቢንያም ካብ ጎዳይፍ ብምኻን ውድድሮም ብዓወት ዛዚሞም።

ኣብ 1500 ሜተር ቀዳማይን ካልኣይን ኣማኑኤል በርሀን ያፌት ምስየኖን ካብ ፍር-ጻዕሪ፡ ሳልሳይ ሚልዮን ኣብርሃም ካብ ኣቦሻውል፡ ራብዓይ ጽንዖት መብራህቱ፡ ፍረ-ጻዕሪ፡ ሓሙሻይ ያፌት መሴ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ሻዱሻይ ከኣ ሄኖክ ተኽላይ ካብ ኩብንያ ህንጻ ሰገን ብምኻን ተዓዊቶም።

ኣብ ውድድር ናይ ሜዳ ንጥፈታት (Field Events) ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዳርባ ዓረር ቀዳመይትን ካልኣይትን ተርታ፡ ተኽሉብርሃንን ጣና ጉይትኦምን ካብ ምምሕዳር ጸጸራት፡ ሳልሰይቲ ሰላም ሳምሶን ኢንሹራንስ፡ ራብዓይትን ሓሙሻይትን ቅሳነት ቢንያምን ኣሕሰም ናሲን - ጸጸራት፡



ሻዱሻይቲ ከኣ ሜላት ብርሃነ ብውልቂ ክኾና ከለዋ፡ ኣብ ዳርባ ዲስክስ ቀዳመይቲ ተርታ ተኽሉብርሃን ጸጸራት፡ ካልኣይቲ ሰላም ሳምሶን - ኢንሹራንስ፡ ኣትለታት ጸጸራት ዝኾና ጣና ጉይትኦም፡ ቅሳነት ቢንያምን ቤተልሄም ሰለሙንን ካብ ሳልሰይቲ ክሳብ ሓሙሻይቲ፡ ሻዱሻይቲ ከኣ ሃና ጉብረሂወት ካብ ጋሻፍሒ. ብምኻን ተዓዊተን።

ኣብ ዳርባ ጭማራ፡ ቀዳመይቲ የሰራ ኢብራሂም ካብ ጸጸራት፡ ካልኣይቲ ሜላት ብርሃነ ብውልቂ፡ ካብ ሳልሰይቲ ክሳብ ሓሙሻይቲ ከኣ ምስጋና ወልዱ፡ ሳቤላ ሚካኤል፡ ሻሎም ሃብቶም ካብ ጸጸራት ብምኻን ተዓዊተን።

ኣብ ውድድር ዝላ መሬት፡ ቀዳመይቲ የርሳሌም ጎይትኦም ኢንሹራንስ፡ ካልኣይቲ ፌሩዝ ዓንደም ጋሻፍሒ. ሳልሰይቲ ሳምራ ብርሃነ ካብ ጸጸራት ክኾና እንከለዋ፡ ልዋም ጉብረብርሃንን ሉልያ ኣማኒኤልን ካብ ጋሻፍሒ. ከኣ፡ ራብዐይትን ሓምሸይትን ብምኻን ተዓዊተን። ቤተልሄም መርሃዊ ካብ ዓወት ሻድሻይቲ ተርታ ዝሓዘት ኣትለት እያ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ናይ ሜዳ ተግባራት፡ ኣብ ዳርባ ዓረር የናታን ኣንገሶም ካብ ምምሕዳር ገዛ ጣንቁ፡ ብዘለኦ ወጽኢት ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ ግርማይ ዓንዱ፡ ሴም ኣማኑኤል፡ ዶኒክ ሰመረ፡ ናህም ዳንኤል፡ ሚሮን ጸጋዩ ካብ ጸጸራት - ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ብምኻን ተዓዊቶም።

ኣብ ዳርባ ዲስክስ ቀዳማይ የናታን ኣንገሶም ካብ ገዛ ጣንቁ፡ ሴም ኣማኑኤል፡ ግርማይ ዓንደም፡ ሚሮን ጸጋዩ፡ ናህም ዳንኤል፡ ሳሙኤል ምሉጌታ ከኣ ካብ ጸጸራት ተዓዊቶም። ኣብ ዳርባ ጭማራ፥ ቀዳማይ ሚሮን ሃብተ ካብ ጸጸራት፡ ካልኣይ ቃልኣብ መንግስትኣብ ካብ በሪኽ፡ ሳልሳይን ራብዓይን ሩፋኤል ክብሮምን ማቴዎስ ሃብተን ካብ ጸጸራት፡ ሓሙሻይ ያፌት ሚካኤል ካብ ጸጸራት፡ ሻዱሻይ መሓመድ መንሱር ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ ኮይኖም ተዓዊቶም። ኣብ መሬት ዝላ፡ ቀዳማይ ኣሌክሳንደር ኣረጋይ ሰረጀቻ፡ ካልኣይ ቃልኣብ መንግስተኣብ ጸጸራት፡ ሳልሳይ ፊልሞን ጉብረብርሃን ኣቦሻውል፡ ራብዓይን ሓምሻይን ከኣ ሰሚር የሱፍን ደጎል ጺጋይን ካብ ጋሻፍሒ. ብምኻን ውድድሮም ዛዚሞም ኣለው።

## ሳዋን ዓንበርበብን ብጸወታኦን ኣድናቖት ረኺበን

### = ሓይሊ ኣየርን ሰኒትን ንቦቺዮፊላ ኣማሚቔን

ዝሓለፈ ቀዳምን ሰንበትን ሻምፕዮን ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ መጻወቲ ሜዳ ቦቺዮፊላ ኣስመራ ብመሳጥን ስሓበን ጸወታ ሳዋን ዓንበርበብን ማማሪቑ ግምት ኣፍቀርቲ ኩዕሶ መርበብዩ ኔሩ። ከም ግምት ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ድማ፡ ጸወታ ምስ ተጀመረ ብወገን ክልቲኤን ጋንታታት ሓያል መጥቃዕቲን ብሉጽ ኩዕሶ



ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

ብቀዳም ፈለማ፡ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ 1ይ ዲቪዥዮን ኢራብን ተስፋን እየን ተራኺበን። ኢራብ ኣኪታኒላ ኣብ ሰለስተ ክፋል ጸወታ 25-ብ20 25-ብ23 25-ብ 23 ብምስዓር፡ ብድምር ወጽኢት 3-ብ0 ተዓዊታ ሰለስተ ነጥቢ. ሓፊሳ ወጺኣ። ንዐኣን ስዒበን ግጥማተን ዘሰላሰላ - እታ ዝሓለፈ. ዓመት ክብሪ ሻምፕዮን ዝተጐናጸፈት፡ ኣብዚ. ዓመት ከኣ ሓደስትን ብሉጻትን ተጻወትቲ ሓቝፋ ዘላ ሳዋ፡ ምስታ ናይ ወትሩ መቐናቕንታ ዝኾነትን ጉዳይምን ምኩራትን ተጻወትቲ ዝሓቘፈትን ዓንበርበብ እየን ተራኺበን። እቲ ግጥም ሱሓቢ. ጸወታ ክንጸብረቕሉ ልዑል ናይ ምዕጋት ዓቕምን ክረአ ክኢሉ።

ንቀዳመይቲ ክፋል ናይ ጸወታ ሳዋ እያም ዓብለሎም 25-ብ18 ዛዚሞሞ። ኣብ ዝሰዓበት ካልኣይቲ ክፋል ናይ ጸወታ ድማ፡ ዓንበርበብ 25-ብ15 ብምስዓር ጸወታ ናብ ማዕረ 1-ብ1 ተቐየረ። ሳዋ ቡየም ብሉጻት ኮይኖም ዝወዓሉ ፊልሞን ወረደ፡ ፊልሞን ምሉጌታን ኣንገሶም ተስፋሚካኤልን ብዘደንቕ ወህደት ጋንታን ኣቢላ ንሳልሰይቲ ሴት 25-ብ21 ተዓዊታትላ። ኣብ ራብዐይቲ ሴት ዓንበርበብ ጸወታ ማዕረ ክገብሩ ተቓሊሶም። ዘርኣይዎ ጻዕርን ምልክት ኩዕሶን ተመኪሮን ሓጊዞሞም ድማ ብጸቢብ ወጽኢት 25-ብ23 ክስዕርዋ ከኢሎም። ሓምሸይቲ ክፋል ጸወታ፡ ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ደው ኢሉ ዝተዓዘቦ እያ ነይራ። ኣብታ ጸወታ ደሚቖም ዝወዓሉ ኣቤል ኣብርሃ፡ ሽደን ተስፋዬ፡ ሳሙኤል ፍስሃየን ተስፋ ኪዳንን ብዝገበርዎ ኣበርክቶ ድማ፡ ዓንበርበብ 16-ብ14 ብምስዓር ብድምር ወጽኢት 3-ብ2 ተዓዊታ ወጺኣ።

ብሰንበት ካብ ዝተኻየዱ ውድድራት፡ ፈለማ ናይ ሳልሳይ ዲቪዥዮን ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ደምበ ሰምበልን ናቕፋን እየን ገጢመን። ብኣሰልጣኒ. መም/ዳኤል ዳዊት እትሰልጠን ናቕፋ ድማ፡ ኣብ ክልተ ሴት 25-ብ23፡ 25-ብ16 ብምስዓር -2-ብ0 ተዓዊታ ወጺኣ። ኣብዚ ግጥም ተጻዋቲት ናቕፋ ራንያ መሰጦፋ ብዘርኣየቶ ብሉጽ ጸወታ፡ ካብ ተዓዘብቲ ናእዳ ረኺባ።

ካልኣይቲ ጸወታ ናይቲ ዕለት፡ ንናይ ደቂ-ተባዕትዮ ናይ ካልኣይ ዲቪዥዮን ጋንታታት ዓወትን ዕዳጋ ሓሙስን ዘራኸበት ነይራ። ኣብዚ ትስፉዋት ተኻእቲ መንእሰያት ዝተራእዩላ ጸወታ፡ ዓወት 2-ብ0 ብምዕዋት ንውድድራት ካልኣይ ዲቪዥዮን ብዓወት መዊኣቶ። ካብ ጋንታ ዓወት ናዝራዊ ኣንገሶምን ሰዩ ተስፋይን፡ ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ድማ ኢሰርም ህብትዝጊ. ብሉጽ ጸወታ ካብ ዘንጸባርቑ ነይሮም።

ድሕሪዚ. ውድድር፡ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ቀዳማይ ዲቪዥዮን ሰኒትን ሓይሊ. ኣየርን እየን ተራኺበን። ሰኒት ኣብ ዝሓለፈ. ሻምፕዮን ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥዮን ዋንጫ ዘልዓለት ክትከውን እንከላ፡ ሓይሊ. ኣየር ኣብዚ. ውድድር ንፈለማ ግዜኣ ትሳተፍ ዘላ ጋንታ'ያ። ሰኒት ንምኩርቲ ተጻዋቲት የዲት ፍትዊ ጸንበራ እያ ተጻዊታ። ብቐዓትን ተመኩሮን ጸብለል ክብል ኣብ ዝተራእየለን ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፋል ናይ ጸወታ፡ ሰኒታውያን ኣኪታቲለን 25-ብ18 ከምኡ'ውን 25-ብ8 ብምስዓር፡ ናብ ሳልሰይቲ ሴት ኣምሪሐን። ኣብዚ ሳልሰይቲ ጸወታ፡ ኣሰልጣኒ. ሰኒት ሂላል ሓምድ ንዮዲት ፍትዊ ከዕርፋ እዩ ተራእዩ። ዝኢ. ሃንፍ ዝተዓዘበ ሓይሊ. ኣየር ድማ፡ መሳጢ. ምንቅስቓስ ክርኢያ ጀመራ። ኣብ መንጎ ዝናብ ብተደጋጋሚ. ብምህራሙ፡ ጸወታ ንውሑዳት ደቓይቕ ክቋረጽ ተገዲዱ እዩ። ኣብ ዝቐጸለ - ሓይሊ. ኣየር ብደገፍታ ማማሪቓ መሳጢ. ብቕዓት ኣንጸባሪቓ - ንሳልሰይቲን ራብዐይትን ሴት ድማ ኣኪታቲለን 25-ብ22ን 25-ብ22ን ብምስዓር፡ ንጸወታ ካብ ድሕሪት ተበጊሰን 2-ብ2 ቀየራኦ።

ንኹሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ዘሱሓበት ግጥም ሓይሊ. ኣየርን ሰኒትን፡ ኣብ ሓምሸይትን መፈላለይትን ሴት ብማዕረ ነጥቢ. እኳ እንተኸዱ፡ ሰኒት እያ ኒታ ካብ ተዓዘብቲ ልዑል ናእዳ ረኺባ ዝወዓለት ሓይሊ. ኣየር - 15-ብ10 ብምስዓር ብድምር ወጽኢት 3-ብ2 ተዓዊታትላ። ኣብዚ ጸወታ ካብ ጋንታ ሰኒት የዲት ፍትዊ፡ ኣርያም ካሕሳይን



ሜላት ብርሃነን ካብ ጋንታ ሓይሊ. ኣየር ድማ - ሻም ጉብረደናስን ሰሚራ ሙሴንን ብጸወታኦን ናእዳ ክረኽባ ክኢለን ኔረን።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ
ግጥም ርብዒ. ፍጻመ
ሻምፕዮንስ ሊግ
ኣትሌቲኮ ማድሪድ ምስ ብሩሽያ ዶርቱምንድ ሰዓት 10:00 ምሸት
ፒኤስጂ ምስ ባርሰሎና ሰዓት 10:00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ቃዛ - ሰለስተ መራሕቲ ሃገራት ቅልጡፍ ምቁራጽ ተኹሲ ክትግበር ጸዊዖም

ፈረንሳ፣ ግብጺን ዮርዳኖስን እስራኤል ኣብ ቃዛ ቅልጡፍ ምቁራጽ ተኹሲ ክትገብር ጸዊዖን።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማንወል ማክሮን፣ ፕረዚደንት ግብጺ ዓብደልፈታሕ ኣልሲሲን ንጉስ ዮርዳኖስ ዓብዱላህ ካልኣይን ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሖብዎ ሓባራዊ መግለጺ፣ እስራኤል ኑቲ 6 ኣዋርሕ ኣቐጺሉ ዘሎ ኣብ ቓዛ ተካይዶ ዘላ ደብዳብ ብቐጻሊ ደው ከተብሎ ሓቲቶም ኣለው።

እስራኤል ግን ኣብ'ታ ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ተዓቚቦመላ ዘለዉ ከተማ ራፋሕ እውን መጥቃዕትታት ከምእተካይድ ኣፍሊጣ ኣላ፣ እቲ ደብዳብ ኣብ ራፋሕ እንተደአ ቐጺሉ፣ ኣብታ ከተማ ከቢድ ሰብኣዊ ንዋታውን ክሳራታት ክወርድ ከምዝኽእል እቶም ሰለስተ መራሕቲ ኣገዚዮም።



ንሳቶም ብዘውሰኽዎ፣ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ቃዛ ህጹጽ ሰብኣዊ ሓገዝ ከምዝድሊ ብምምልካት፣ እስራኤል ምሉእ ሓላፍነት ተሰኪማ ናብ ቃዛ ሰብኣዊ ረድኤት ዝኣትወሉ መንገዲ ክተውሕስ ጸዊዖም።

እስራኤል ብወገና፣ ናብ ቃዛ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይ ዝኾነ ሸግር ክኣቱ ይኽእል ከመምዝሎ እያ እትገልጽ።

ሰለስቲኦም መራሕቲ ብዘውሰኽዎ፣ ኑቲ ብመንጎኝነት ግብጺ፣ ቀጠርን ኣመሪካን ክትግበር ዝተወጠነ ምቁራጽ ተኹሲ፣ ኣብ ሓጺር እዋን ክፍጸምን ኩሎም ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ እስራኤላውያን ናጻ ክልቀቑን ሓቲቶም ኣለው።

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት፣ ብዙሓት ላዕለዎት መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን፣ እስራኤል ኣብ ቃዛ ቅልጡፍ ምቁራጽ ተኹሲ ክትገብር እኳ ክጽውዑ እንተጸንሑ፣ እስራኤል ጸማም እዝኒ እያ ክትህበሉ ጸኒሓ።

ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ብ7 ጥቅምቲ ካብ ዝጀመረ ንደሓር፣ ብወገን ፍልስጤም ብውሕዱ 33,200 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ልዕሊ 75,900 ድማ ቆሲሎም ኣለዉ፣ ብመሰረት ጸብጻባት።

## ምያንማር - ብሰንኪ ሓደጋታት ልዕሊ 25 ሽሕ ኣባይቲ ዓንዩ

ኣብ ምያንማር፣ ካብ 2023 ክሳብ መጀመርያ 2024 ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራሕ፣ 25,460 ኣባይቲ ምሉእ ብምሉእ ከምዝዓነወ ሰቡማዚ እታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣብ'ታ ሃገር ኣብ'ዛ ዝሓለፈት ዓመት፣ ልዕሊ 2,016 ባህርያውን ሰብ ዝሰርሖምን ሓደጋታት ከምእተመዝገቡ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፣ ከም ሳዕቤኑ ከቢድ ኣከባብያዊን ክቡብያውን ዕንወት ከምዝወረደ ሓቢሮም።

እዚ ሕጂ ኣብ ምያንማር ዝተመዝገበ ዕንወት፣ ምስ ናይ ቅድሚኡ ዓመታት ክጻጸር እንከሎ እቲ ኣሃዝ ብተዓጻጻፊ ቁጽሪ ከምዝወሰኸ እዮም ጸብጻባት ዝጠቐሱ።

ብመሰረት ጸብጻባት፣ ኣውራ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ ምያንማር ዝወረደ ዕንወት፣ ብርቱዕ ህቦብላዊ ንፋስ ክኸውን እንከሎ፣ ባርዕ ሓዊን ሓደጋታት ዕልቕልቕን ድማ እቶም ሰዓቢም ዝጥቀሱ ጠንቅታት እዮም።

መንግስቲ ምያንማር፣ በቲ ሓደጋ ብኣሉታ ንዝተጸልዉ ነበርቲ ዝውዕል - ልዕሊ 1.38 ሚልዮን ዶላር ባጀት ከምዝሰልዐ ተፈሊጡ።



## ኢራን፡ ኣብ ሶርያ ሓዲሽ ቆንስል ከፈታ

ዝሓለፈ ሰሙን እስራኤል ኣብ ደማስቆስ ሶርያ ንዝርከብ ህንጻ ቆንስል ኢራን ድሕሪ ምድብዓ፣ ኢራን ኣብ'ታ ከተማ ሓዲሽ ቆንስል ከምዝኸፈተት፣ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሰኑይ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መኽፈቲ ዝተረኽበ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ሓሴን ኣሚር ዓብዱላሂ፣ እስራኤል ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ቆንስል ኢራን ዝፈጸመቶ ደብዳብ ዝግባእ ግብረ-መልሲ ከምዝወርዳ ኣጠንቂቑ። ኣመሪካ'ውን ኑቲ ክስተት ብዘይምኹናና ተሓታቲት ምኻና ኣፍሊጡ። እቲ ኢራናዊ በዓል-ስልጣን በቲ ኣጋጣሚ፣ ምስ ፕረዚደንት ሶርያ ባሻር ኣል-ኣሳድ ከምእተዘራረበ እውን ተሓቢሩ።



ኣብ ህንጻ ቆንስል ኢራን ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፣ ሰለስተ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓለዋ ሰውራ ኢራን ዝርከብዎም - ብውሕዱ 7 ወተሃደራት ኢራን ከምእተቐትሉ ይግለጽ።

ሩሲያን ሓያሎ ሃገራት ዓረብን ኑቲ ብእስራኤል ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብትሪ ከምዝኾነንኦ ብማዕከናት ዜና ተቓሊሑ ነይሩ።

እቲ መጥቃዕቲ ኣህጉራዊ ሕጊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስ ምኻኑ ዘፍቀደ ሚኒስተር ፈሳል፣ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኑቲ መጥቃዕቲ ብትሪ ክኹንኖ እኳ እንተፈተነ፣ ኣመሪካ ከምዝዘጸገቶ ኣይርሳዕን።

## ተወሳኺ

## ኣመሪካ - ግርደት ጸሓይ ኣቓልቦ ሚልዮናት ሰባት ሰሒቡ

ኣብ ኣመሪካ ዝተኸሰተ ምሉእ ግርደት ጸሓይ፣ ኣቓልቦ ሚልዮናት ሰባት ከምዝሰሓበ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ኀሊፉ ዝተራእየ ግርደት ጸሓይ፣ ንብዙሓት ማዕከናት ዜናን መራኸቢ ብዙሓንን መዘረቢ ጉዳይ ኮይኑ ከምዝውዓለ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ ቴክሳስ፣ ኒው ዮርክን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታትን ብዮሰርትታት ኣሸሓት ዝቖጸሩ ሰባት ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪሮም - ኑቲ ሳሕቲ ዘጋጥም ተርእዮ ክዕዘብዎ ከምዝወዓሉ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ግርደት ጸሓይ፣ ኣብ ዓሰርተ ዓመት ዘጋጥም ክስተት ኮይኑ፣ ጸሓይ ንሰዓታት ዝኣክል ምሉእ ብምሉእ ብወርሒ ተኸዊላ እያ እትርኣ።

ግርደት ጸሓይ ኣብ ዝኽሰተሉ እዋን፣ ብዘይ መከላኸሊ መረጼን ናብ ላዕሊ ኣንቃዕሪርካ ምርኣይ - ንጥዕና ዓይኒ ከምዝኾኑ እዩ ዝሕብር።

ዝሓለፈ ሰኑይ ዝተኸሰተ ግርደት ጸሓይ፣ ኣብ 15 ክፍላተ-ሃገር ኣመሪካን ካናዳን ከምእተራእየ ጸብጻባት ገሊጾም።



## ክሊማዊ ለውጢ - ዝሓለፈት መጋቢት ዝወዓየት ወርሒ ተባሂላ

ዝሓለፈት ወርሒ መጋቢት፣ ብደረጃ ዓለም እታ ዝወዓየት ወርሒ ተባሂላ ከም እተመዝገበት፣ ትካል ምክትታል ኩነታት ኣየር ኤውሮጳ ኣብ ዝሃቦ ሓዲሽ መጽናዕቲ ሓቢሩ።

ማእከላይ ገምጋም መጠን ሙቐት ናይ'ዛ ወርሒ እዚኦ፣ ካብ'ቶም ኣቐዲሞም ኣብ ተመሳሳሊ ወቕቲ ብዓመቱ ዝተመዝገቡ መጠን ሙቐት፣ ብ1.68 ዲ.ሴ፣ ከምዝዓበ፣ እቲ ሓዲሽ መጽናዕቲ የመልክት።

ብተወሳኺ፣ ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ኣፍሪቃ፣ ደቡብ ኣመሪካን ኣንታርክቲካን ኣብ'ዛ ዝሓለፈት ወርሒ፣ ልዕሊ ማእከላይ ገምጋም ሙቐት ከምእተመዝገበ እዩ እቲ ሓበሬታ ዘጽር።

እቲ ሓዲሽ መጽናዕቲ ከምዘመልክቶ፣ ልዑል መጠን በኽቲ ጋዛት ኣብ ጠፈር፣ ቀዳማይ ጠንቂ ናይ'ቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ብርቱዕ ሙቐት ክኸውን እንከሎ፣ ዛጊት ንምቑጽጻሩ እኹል ስጉምቲ ስለዘይተወሰደ፣ ኩነታት ክሊማ ዓለምና ብቕልጡፍ ይቕይየር ኣሎ።

መጠን ሙቐት ወቕያኖሳት እውን ኣብ'ዛ ዝሓለፈት ወርሒ ቅልጡፍ ወሰኽ ከምዝርኣየ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፣ እቲ ኩነታት ኣዝዩ ኣሻቓሊ ምኻኑ ኣጠንቂቖም።

ከም ካርቦንዳይኦክሳይድን ሚተይንን ዝኣመሰሉ በኽቲ ጋዛት ኣብ ጠፈር ከይጉደሉ፣ እዚ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ መጠን ሙቐት፣ ለውጢ ክሊማ ከምዝፈጥር እዩም ክኢላታት ዘገንዝቡ።

ካብ 2010 ክሳብ 2020 ኣብ ዝነበረ እዋን ኣብ'ተን ብክሊማዊ ለውጢ ንዝስዕብ ሓደጋታት ዝተቓልዓ ሃገራት፣ ብዕልቕልቕ፣ ደርቂ፣ ባርዕ ጫካን ህቦብላዊ ማዕበልን ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ምስ ናይ ዝሓለፈ እዋናት ክጻጸር እንከሎ፣ እቲ ኣሃዝ ብ15 ዕጽፊ ከምዝዛየደ ጸብጻባት የረድኡ።

ዝሓለፈት ዓመት-2023 እውን ኣብ ታሪኽ - እታ ዝወዓየት ዓመት ተባሂላ ከምእተመዝገበት ዝዝከር እዩ፣ ኣብዚ እዋን'ዚ እናገዘ ዝመጽእ ዘሎ ብኸላን ምብራስ ጫካታትን ንደረጃ ሙቐት ዓለም ክወስኽ ጠንቂ ኮይኑ ምህላዉ ይጥቀሱ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኤደን | 10/04/2024 | ከባቢ ዩኒቨርሲቲ ጥቓ ባርሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services